
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.237 ቀዳም 3 ሰነ 2023 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ስምስም - ልዑል ኣታዊ ዝርከቦ ናይ ቅብኢ ዘርኢ!


ገጽ 4
ምዕቃብን ምስሳንን ህይወታዊ ብዙሕነት . . .


ገጽ 6
ስርዓተ-ምስትንፋስን መትንታትን ደምን ዝምርምር ዓራት!


ገጽ 8
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?


ገጽ 11
ደንደን Vs ቀይሕ ባሕሪ


# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ቀጽሪ ክረምሊን ንዝርከብ ብርቂ ቅርሲታት ተዓዚቡ



ኣብ ሩስያ ወግዓዊ ምብጻሕ ዝፍጽም ዘሎ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ፡ ኣብ ከተማ ሞስኮ ንዝርከብ፡ ኣብ ማእከል ህንጻት'ታ ሃገር ኣጉዳሲ ታሪኻዊ፡ ባህላዊ፡ ምምሕዳራውን ሃይማኖታውን ምዕራፋት ዝሕዝ ቀጽሪ ክረምሊንን ኣብኡ ዝርከብ ኣብያተ-መዘክርን ሓቝፍዎ ዘሎ ብርቂ ቅርሲታትን ተዓዚቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ምስኡ ዝተጓዕዘ ጉጅለን፡ ነቲ ኣብ 28 ሄክታር ዝተደኮነ ታሪኻዊ ህንጻታት ክረምሊንን ኣብ ከርሱ ዘሎ ቅርስታትን እናተዘዋወረ ድሕሪ ምዕዛቡ፡ ብዛዕባ ኣቃውማ ናይ'ዚ ኣብ ታሪኽ ሩስያ ኣጉዳሲ ቦታ ዝሕዝ ህንጻ፡ ኣብኡ ዝርከብ ቅርሲታትን ቅብኣታትን፡ ከምኡ'ውን ኣብያተ-መቕደስን ቅርጻታትን መብርሂ ተዋሂብዎ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብዘይካ'ዚ፡ በብእዋኑ ናይ ዝነበሩ ጸሓፍቲ ሩስያ ሓደግታት - ማለት ኣልባሳት፡ ስልማታት፡ ሰረገላታት፡ ኣጽዋርን ድርዓን፡ ዘፋናት፡ ኒሻናት፡ ሰሉዳትን ካልእን ልዕሊ 40 ሽሕ ብርቂ ቅርስታት ዝርከቦ ቤተ-መዘክር ግምጃ ሓደግታት ኣብ ዝበጽሓሉ፡ እቲ ካብ 1806 ኣገልግሎት ዝሀበ ዘሎ ቤተ-መዘክር፡ ካብ ቀንዲ መወከሲታት ታሪኽን ማሕበር በጺሑትን ከምዝኾነ ተገሊጹሉ።

ኣብ መወዳእታ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት መዓድን ሩስያ ብሓፈሻ፡ ኣልማዝ፡ ወርቂን ክቡር ዕንቊታትን ብፍላይ ዝርከቦ ቤተ-መዘክር'ዩ በጺሑ። እዚ ቤተ-መዘክር'ዚ፡ ብሚዛን፡ ብቕርጺ፡ ብሕብሪ፡ ብኩራትን ዝተዓደለ ዓይነት ዘይብሉ ልዕሊ 15 ሽሕ ማዕድናዊ ኣካላት ደርኪቡ።

# ጽምብል ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ይቕጽል ኣሎ

ኤርትራውያን ነበርቲ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ሪያድ - ስዑዲ ዓረብ፡ ኡጋንዳ፡ ሞንትርያል - ካናዳ፡ "ቅያ ስጡም መስርዕ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ መበል 32 ዓመት በዓል ናጽነት ብድምቀት ጸምቢሎሞ።

ብ27 ግንቦት ኣብ ከተማ ዱባይ ኣብ ዝተገብረ ጽምብል፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣቶ ዑስማን መሓመድ ዑመር፡ "መበል 32 ዓመት ናጽነት ፍልይቲ ዝገብራ - መበል 30 ዓመት ናይ'ቲ ህዝቢ ኤርትራ ብ99.8 ሚእታዊት 'እወ ንናጽነት' ብምድማጽ - ጥንፈራኡ ኣብ ዓለም ዘንበልበለሉ ዕለት ብምዃና እዩ" ኢሉ።

ኣቦመንበር ማሕበረትም ኤርትራውያን ነበርቲ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣቶ ዑመር መሓመድ ብወገኑ፡ እዚ በዓል፡ ኤርትራ ከም ሃገር ደሚቓን ብሸሉ በሪኻን ኣብ ዝወጸኣትሉ መድረኽ ኑብሶ ብምህላውና፡ ሓበን ከምዝሰምዖም ገሊጹ።

ኣብ ኡጋንዳ ከተማ ካምፓላ ብዘመሳሰለ፡ ብ27 ግንቦት ብኸቢብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተባዒሉ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኡጋንዳ ኣቶ መሓመድ ሰሌማን ኣሕመድ፡ ህዝቢ፡ መንግስቲን ሓይልታት ምክልኻልናን፡ ንምንብርክኻና ብጾላእቲ ዝተኣለመ ውጥን ኣብርዒናዮም፡ ንጸላእቲ ካብ ሕፍረት ኣብ ዝኾልዑሉ ህሞት ትብዓል ብምህላዋ ድምቀት ከምዝወሰኸሉ ኣረዲኡ።

ብ25 ግንቦት ኣብ ከተማ ሪያድ - ስዑድያ ኣብ ዝተኻየደን ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ዝተሳተፍዎን ምዕሩግ ስነ-ስርዓት ድማ፡ ኣቦመንበር ማሕበርትም ሪያድን ከባቢኣን ኣቶ ዓብደልራሕማን ኢማም፡ "ናጽነትና ህላወና እዩ'ሞ ዝ ክቡድ ዋጋ ተኸፊልዋ ዝተረኸበት ናጽነት ክንዕቅቡ ሕጂ'ውን ከም ትማሊ መዓንጣና ሸጥ ኣቢልና ንዝኸሰቱ ተጻበኣታት ክንምክት ይግብኣ" ኢሉ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ሞንትርያል ካናዳ እውን፡ ብሓባር ብምውዓል - ናይ ባህልን ምዝንጋዕን መደብ ብምውዳብ ብሕጉስ መንፈስ ጸምቢሎሞ።

# ሚ/ሕርሻ፡ ክልተ ዓይነት ክታበት እንስሳ ከምዘፍረየ ገሊጹ




ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ኣስመራ - ቪላጆ ኣብ ዝርከብ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን፡ ናይ ሕማም ደርሁ-ኒውካስልን ሕማም ጉልሓይ-መሰል ጤሉ-ጠለብን ክታበት ከምዘፍረየ ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዳይረክተር ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ኣቶ ኤፍሬም ገብረመስቀል፡ ኣብ ሃገርና ሕማም ኒውካስል ኣብ ደርሁ፡ ሕማም ጉልሓይ-መሰል ጤሉ-ጠለበ ኣብ ጤሉ-ጠለብ፡ እቶም ብቐዳምነት ዝሰርዑ ሕማማት ብምዃኖም፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት እቲ ካብ ደገ ተዓዲጉ ዝኣቱ ዝነበረ ክታበት እንስሳ - ዝጠዘለ ናይ'ዞም ክልተ ሕማማት ምንጋፉ ጠቒሱ፡ ፍሉይ ኣተኩሮ ብምግባር እቲ ክታበት ክፈሪ ከምዝኸኣለ ኣረዲኡ።

እቲ ክታበት፡ ኣብ ወሸጢ ሃገር ከፍርዮ ምኽኣልና፡ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ኣብ ምቝጣብ፡ ማእከሕ ዕድግን መጓዓዝያን ኣብ ምውጋድ፡ ከምኡ'ውን ዓቕሚ ክኢላታት መንእሰያት ኣብ ምዕባይ ከምዝሕግዝ ደጊሙ ኣገንዚቡ።

ብዓለማዊ ውድብ መግቢን ሕርሻን ዓለማዊ ውድብ ጥዕና እንስሳን ብዝተመዘዘ ትካል ኣፍሪቃዊ ሕብረት - ኤይዩ-ፓንቫክ ተመርሚሩ፡ ብቕዓቱ ከምእተረጋገጸ እውን ኣቶ ኤፍሬም ሓቢሩ።



## ቅያ ስጡም መስርዕ!

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ሰምሰም - ልዑል ኣታዊ ዝርከቦ ናይ ቅብኢ ዘርኢ!

ሰሊጥ፡ ብልሙድ ኣጸዋውዓ ሕብረተሰብና 'ሰምሰም' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኩይኑ፡ ሓደ ካብ ናይ ቅብኢ ኣዝርእቲ እዩ። ሰምሰም፡ ኣብ መዓላ መግቢ ደቂሰብ ካብ ዝውዕሉ ብጥንታውነቶም ኣብ ቅድሚት ካብ ዝስርዑ ሓደ እዩ። ብዙሓት ዓሌታት ከምዝለውዎ ዝጥቀስ ሰምሰም፡ ዝጠዚሑ ማብቁሉም ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ፡ ሓውሲ ሳህለ ሰሃራ ሃገራት፡ ኣብ ኣህጉር ኤስያ ኸኣ፡ ኣብ ህንዲ ምዃኑ ይጥቀስ።

ብርክት ዝበሉ ታሪኻውያን ጸብጻባት ከም ዘመልክትዎ፡ ሰምሰም ካብ ቅድሚ 2000 ልደተ ክርስቶስ ጀሚሩ፡ ኣብ መንጎ ህንዲን መሶጶጣምያን ንግዳዊ ምልውዋጥ ይካየደሉ ምንባሩ፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ድማ ኣብ ግብጺ ከም መድሃኒት ኩይኑ የገልግል ምንባሩ ይሕበር።

ሰምሰም ብዘይካ'ዚ፡ 2750 ዓመት ይገብር፡ ኣብ ቱርኪ ደበቅል ከም ዝነበረ ጸብጻባት ስነ-ጥንታውያን ኣሰራት ይሕብሩ። ይኹን'ምበር፡ ዘርኢ ሰምሰም ኣብ ጥንታዊት ዓለም ብዘሰፍሐ ዓለማዊ ተፈላጥነት ክረክብ ዝኸኣለ ግን፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ተዘሪኡ ክበቅል ምስ ጀመረ እዩ። ዝጠዚሐ ሕብረተሰብ ዓለም፡ "ጽኑዕ ወይ ጸዋር ዘርኢ" ብምባል ዝገልጾ ሰምሰም፡ ብሕልፊ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ዝበዝሓ ሃገራት ዓለም ብመልክዕ ንግዲ ጠሚተን ብዘሰፍሐ ክዝርኣኦ ይረኣያ። 'ኢንዲከም' ሓደ ካብቶም ዓሌታት ሰምሰም ኮይኑ፡ ማብቁሉ ህንዲ እዩ። ጸቡቕ ፈርዩ ብርክት ዝበለ ምህርቲ ክሕፈሶ ዝኽእል ምዃኑ ድማ ይንገረሉ።

ብደረጃ ዓለም፡ መጠን ፍርያት ምህርቲ ሰምሰም ኣብ ዓመተ 2013፡ ፍርያት ናይ ህንዲን ቻይናን ኩይኑ፡ 4.2 ሚልዮን ሜትሪክ ቶን ከምእተሓፍሰ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሰምሰም፡ ካብ ቀንዲ ምንጪ ዘይቲ ብልዒ ዝኾኑ ናይ ቅብኢ ኣዝርእቲ ሓደ እዩ። ብትሕዝቶ መኣዛዊ መግቢ ሃብታም ምዃኑ ካብ ዝረጋገጽ ነዳሓር ከኣ ተደላይነቱ እናዓዘዘን ጠለቡ እናዛየደን ስለ ዝኸደ፡ ብዙሓት ሃገራት ክዝርኣኦ ጀሚረን። ሰምሰም 50 ሚእታዊት ስብሒ፡ 23 ሚእታዊት ካርቦሃይድሬት፡ 18 ሚእታዊት ፕሮቲን፡ 12 ሚእታዊት ጽሕጊን 5 ሚእታዊት ድማ ብማይ ዝቐመ ዘርኢ እዩ።

ሰምሰም፡ ኣብ እተፈላለየ ዓይነት ሓመድ ክበቅል ዝኽእል ጸኑዕ ወይ ከኣ ጸዋር ተኽሊ'ኳ እንተኾነ፡ ልዑል መጠን ጨው ዘለዎ ሓመድ ግን ኣይሰማምዖን እዩ። ብዘይካ'ዚ ልዑል መጠን ኣሳሕይታ ካብ ዘይሰማምዖም ኣዝርእቲ እውን እዩ። ሕጸር ብዝበለ፡ ምዉቕ ክሊማ ዝሰማምዖ ምዃኑ ይጥቀስ። ኣብ ምዉቕ ክሊማ ምስ ተዘርአ፡ ቅልጡፍ ዕብየት ኣርእዩ፡ ኣብ ፍረ ክበጽሕ ይሕግዞ። ኣብ'ዚ ዝዓበየን ከም ብልጫ ዝጥቀስን ሱር ተኽሊ ሰምሰም ደርቂ ናይ ምጽዋር ልዑል ብቕዓት ወይ ዓቕሚ ከምዘለዎ ይሕበር።

ከሉም ዓሌታት ሰምሰም፡ ምስ ተዘርኡ ኣብ ደረጃ ፍረ ዝበጽሑሉ ግዜ ሓደ ኣይኮነን። ገለን ስሉጣት ክኾኑ እንከለዉ፡ ገለ ድማ ደንጐዮም ዝበጽሑ እዮም። ኣብ ምእካብም ዝግበሩ ኣገባብ ግን ተመሳሳልነት ኣለዎም። ኣተኣኻኽባኦም ከኣ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይፍጸም። ፈለማ ይዕጸዱ። ደሓር ይእሰሩ። ዘርኢ ዝሓቘፈ ስቓታ (ካፕሱል) በሰሉ ክሳብ ዝቕልዕ ምኽታታል እናተጉበረለም ኣብ መሬት ተተኺሎም ይጸንሑ። እዚ ክኸውን ግን ካብ ጠሊ ናጻ ግዜ ምንቃዕ ወይ ምኽፋት ስቓታ ዘርኢ ክሳብ ዝበጽሕ ጸሓይ ብርሃን ብቐሊሉ ክኣትዎን ክረኽቡን ኣብ ዝኽእል ቦታ ተረብሪቦም ይጸንሑ። ሓደ እሳር ኣብ ልዕሊ ሓደ እሳር ምጽቕቓጥ ክፍጠር የብሉን። ሰምሰም እዚ ኩሉ መስርሕ ሓሊፉ ምህርቲ ኩይኑ ምስ ተሓፍሰ፡ ኣብ ትሕቲ 6 ሚእታዊት ጠሊ ዘለዎ ሰፍራ ክዕቀብ ወይ ክኽዘን ኣለዎ። ኣብ'ዚ ክፍለጥ ዘለዎ ሓደ ነገር ኣሎ። ንሱ ኸኣ፡ ኣብ ደረጃ ምህርቲ በጺሑ ዝተሓፍሰ ሰምሰም፡ ኣድላዪ ምጽፋፍን ምጽራይን ተገይሩሉ ክኽዘን ይግባእ።

ዝዘይቲ ዝምረጽ ሰምሰም ብሱልን ንጡር ቅርጺ ዘለዎን ኩይኑ፡ ብላዕልን ታሕትን ንጡር ቅርጺ ዘለዎ ተመሪጺ ምዃኑ ይግለጽ።

ህንድን ቻይናን ሰምሰም ብምፍራይ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስርዓ ሃገራት ዓለም እየን። ይኹን'ምበር፡ ብደረጃ ዓለም ዝዓበየን ዝሰፍሐን መሬት ሕርሻ ዝርከቦ ሃገር ግሪክ እያ።

ካልእ ድሙቕ ጻዕዳ ዓሌት ሰምሰም እውን ኣሎ። እዚ ዓሌት'ዚ፡ ኣብ ምዕራብ እስያ ኣብ ህንዲ፡ ኣመሪካን ኣውሮጳን ብዝበዝሐ ይዝራእ። ቻይናን ደብባዊ ምብራቕ እስያን ናብ ጸለም ዝኸደ ሕብሪ ዘርኢ ሰምሰም ካብ ዘፍርያ ሃገራት እየን።

ሰምሰም፡ ኣብ ስርዓተ ኣመጋግባ ሕብረተሰብ እስያ፡ ብፍላይ ከኣ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ እታ ኣህጉር ፍሉይ መቐረት ወይ ጣዕሚ ዘለዎ ገይርካ እዩ ዝግለጽ። በዚ ድማ፡ ሰምሰም ኣብዞን ዝተጠቕሳ ከባቢታት ናይ ዝነብር ሕብረተሰብ፡ ምናጻን ዝውቱርን ዓይነት መግቢ እዩ። ሰምሰም ኣብ ርእሲ ዘለዎ ጣዕሚ፡ ብልዑል ትሕዝቶ መኣዛታቱ እውን ዝተፈልጠ እዩ። ንጥዕና ሰብነት ኣገደስቲ ዝኾኑ ዒቃታት ካርቦሃይድሬት፡ ፕሮቲን ማግኒዝዩምን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ቫይታሚናትን ማዕድናትን ሃብታም ምዃኑ ዝገለጽ ሰምሰም ግን፡ ኣበየናይ ኩርናዕ ናይዛ ዓለም እዩ ብዝበዝሐ ተዘውቲሩ ዝዝራእን ዝፈርን? ነዚ ንምፍላጥ፡ ቀጺልና ዘለዋ ብደረጃ ዓለም ብፍርያት ሰምሰም ስሙያት ዝኾኑ 5 ቀዳሞት ሃገራት ንመልከት።

ኣብ'ዚ ብቐዳማይ ደረጃ እትስራዕ ሃገር ህንዲ እያ። ህንዲ፡ ብዘለዋ ትሮፒካዊ ክሊማ ተሓጊዛ ብደረጃ ዓለም ብሉጻት ተመሪጾን ዓይነት ሰምሰም ብምፍራይ ንቢቷዊ ጠለብ ኣማሊኣ፡ ጠለባት ዕዳጋ ዓለም ኣብ ምምላእ ልዑል ግደ ካብ ዝጻወታ ኣፍረይቲ ሰምሰም ሃገራት ዓለም ሓንቲ እያ።

ካልኣይቲ ቻይና እያ። ቻይና ዝያዳ ካልኦት ኣፍረይቲ ሰምሰም ሃገራት ኤስያ፡ ጸለም ዓሌት ሰምሰም ብምፍራይ ዝተፈልጠት ምዃና ትጥቀስ።

ብሳልሳይ ደረጃ እትስራዕ ከኣ ናይጀርያ እያ። ናይጀርያ፡ ካብ ሻዱሻይ ናብ ሳልሳይ ደረጃ ብምድያብ ኣብ ዝርዝር ቀዳሞት ሓሙሽተ ሃገራት ክትስራዕ ዝኸኣለት፡ ብዘዘበረቶ ዘይሕለል ጻዕሪን ዘመዝገበቶ ዓወትን እዩ።

ካብ ቀዳሞት ሓሙሽተ ኣፍረይቲ ሰምሰም ተባሂለን ተጠቒሰን ዘለዋ ሃገራት እታ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ተሰሪዓ እንርከብ ሃገር ምያንማር እያ። እዛ ሃገር፡ ኣብ ገለ እዋን ምስ ቀዳሞት ቀንዲ ኣፍረይቲ ሰምሰም ብምዃን እትጥቀስ ምንባራ ዝሕብሩ ሰነዳት ከምዘመልክትዎ፡ ብሰንኪ እቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዘጋጠማ ደርቂን ብዘስዓቦ ጉድኣትን ግን፡ ናብዚ ሕጂ ዘላቶ ደረጃ ክትወርድ ምኽንያት ከምዝኾነ ይሕበሩ።

ኣብ ሓሙሻይ ደረጃ ተሰሪዓ እንርከብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ታንዛንያ እያ። ይኹን'ምበር፡ ውድብ መግቢ ዓለም ኣብ ቀረባ እዋን ዘውጽኦ ጸብጻብ ከምዘመልክቶ፡ እዛ ሃገር ብፍርያትን ሰደድን ሰምሰም ካብ ዓለም ዝዓበየት ምዃና ዝጠቅስ ጸብጻብ ተዘርጊሑ ነይሩ። ታንዛንያ ኣብ 2013 ካብ ሓደ ሄክታር 0.42 ቶን ሰምሰም ከምዝሓፈሰት ናይቲ እዋን ጸብጻባት ይሕብሩ።

ዘይቲ ሰምሰም፡ ጃፓናውያን ንመግቢ ብፍሉይ ካብ ዝመርጽዎ እዩ። በዚ ምኽንያት እታ ሃገር ብእታው ሰምሰም ኣብ ዓለም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ከምእትስራዕ ይሕበር። ቻይና ካልኣይቲ፡ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ዝርላንድ፡ ፈረንሳን ቱርኪን ከኣ ብቕደም ተኸተል ካብ ሳልሳይ ክሳብ ሻውዓይ ተሰሪዐን እንርከበን ሃገራት እየን።

ሰምሰም ካብ ኣብ ዝሓለፈ ዝያዳ ኣብ ምዉቕ ኩነታት ኣየር ዝሰማምዖ ናይ ቅብኢ ዘርኢ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ብዘሰፍሐ ኣብ ምዉቕ ከባቢታት ዓለም ተዘሪኡ ንረኽቦ። ኣብ ኣፍሪቃ ሱዳንን ታንዛንያን፡ ህንድን ምያንማርን ድማ ኣብ ኣህጉር ኤስያ፡ ዝዓበየ ክፋል ምህርቲ ሰምሰም ዝሓፍሳ ሃገራት ምዃነን ርኢና። እዚ ይኹን'ምበር፡ ውሑድን ጠሉብ ሰድራን ካብ ምምላእ ዘይሓልፍ እቶት ዘይቲ ዝርከቦ ገይረን ዝርድኣኦ ሃገራት ውሑዳት ከምዝኾና ይሕበር።

ዝተፈላለዩ ሰምሰም ጠቕስ ጸብጻባት ከምዘመልክትዎ፡ ክሳብ ዓመተ 2020፡ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ሱዳን እታ ዝዓበየት ኣፍራዪት ሰምሰም ኩይና ትጥቀስ። እታ ሃገር ኣብታ ዓመት ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ሜትሪክ ቶን ሰምሰም ከምዝሓፈሰት ይሕበር። ድሕሪ ሱዳን ኣብ ኣፍሪቃ ብምፍራይ ሰምሰም ብኻልኣይ ደረጃ እትስራዕ ታንዛንያ ኩይና፡ ኣብታ ዓመት ኣስታት 710 ሽሕ ሜትሪክ ቶን ሓፊሳ። ሳልሰይቲ ናይጀርያ፡ 490 ሽሕ ሜትሪክ ቶን ክትሓፍስ እንከላ፡ ብጠቕላላ እትወዋት ምህርቲ ሰምሰም ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ 2020፡ ልዕሊ 4.2 ሚልዮን ሜትሪክ ቶን ምንባሩ ንጸብጻብ ምህርቲ ሰምሰም ኣብ ኣፍሪቃ ዝገልጹ ኣብ 2022 ዝወጽኡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንጸብጻብ ዝለዓለ እቶት ምህርቲ ሰምሰም ሃገራት ዓለም ዓመተ 2021 ምስ እንምልከት፡ ካብ መንጎ 68 ኣፍረይቲ ሰምሰም ሃገራት ዓለም፡ ኣብ'ዚ እውን ኣስታት 1.2 ሚልዮን ቶን ሰምሰም ብምሕፋስ ቀዳመይቲ ኩይና እንርከብ ሱዳን እያ። ህንድን ታንዛንያን ከኣ ከምቲ ክብ ኢሉ እውን ዝተጠቕሰ፡ ካልኣይትን ሳልሰይትን ብምዃን ዝለዓለ ምህርቲ ዝሓፈሳ ሃገራት ተባሂለን ተሰሪዐን ንረኽበን። ብኣንጻር ናይ'ዚ ጃፓን 13.9 ቶን፡ ኤኳዶር 17.8 ቶን፡ መቄዶንያ ድማ 42.4 ቶን ብምሕፋስ፡ ዝተሓተ እቶት ዝረኸባ ተባሂለን ዝተጠቕሳ ሃገራት እየን።

ንጸብጻብ ትካል ፋኦስታት (Faostat) መሰረት ብምግባር፡ ብደረጃ ዓለም እቶት ምህርቲ ሰምሰም ዓመተ 2021፡ ኣስታት 6.4 ሚልዮን ቶን ነይሩ። እዚ ካብ ናይ ቅድሚኡ ዓመት ማለት 2020 ዝተሓፍሰ ኣስታት 6.83 ሚልዮን ቶን ብምንጽጻር፡ ናይ 7.54 ሚእታዊት፡ ካብ ናይ ቅድሚ 10 ዓመት ድማ 25.8 ሚእታዊት ተርእዮ ናይ ምንቅልቓል ከምእተመዝገበ ጸብጻብ ፋኦስታት ወሲኹ የጽርዕ።

ጸብጻባት ናይ ኣስታት 60 ዓመት ከም ዝሕብርዎ፡ እታው ምህርቲ ሰምሰም ዓመተ 1961፡ 1.42 ሚልዮን ቶን ዝሓለፈ ኣይነበረን። ካብኡ ጀሚሩ ዓመታዊ ብጠምጋም 2.53 ሚእታዊት ዕብየት እናኣመዝገበ፡ ኣብ ዓመተ 2020 ናብ 6.83 ሚልዮን ቶን ክበ ኢሉ። ካብ'ዚ 17.6 ሚእታዊት ሱዳን ዘፍረየቶ እዩ። ፍርያት ምህርቲ ካብ ዝተሓተ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክየርግ፡ ኣፍረይቲ ሃገራት ዘይሕለል ጻዕሪ ከምዝተዩዳን የጓይዳ ከምዝለዋን ዘረድእ እዩ።

ኣብ ሃገርና'ውን ዘይቲ ደኣ ኣይኹን'ምበር፡ ሰምሰም ብሕልፊ ኣብ ጋሽ ባርካ ብዘሰፍሐ ይዝራእ እዩ። በዚ ድማ ንሕቡእም ኩይናም ጠሉብ ዕዳጋ ኣብ ምምላእ ኣበርክቶ ዝገብሩ ሓረስቶት ውሑዳት ኣይኮኑን። ሰምሰም ኣብ ሃገርና፡ ሕብረተሰብና ብጥረኡ ኩነ ኣዕሲሩ (ጸሚቑ) ንብዙሕ መዓላ ይጥቀመሉ'ዩ። ተጸሚቑ ዝተርፍ ግሉት ብኣጸዋውዓ ሕብረተሰብና 'ዓሰራ' ይበሃል። እዚ ካብ 35 ክሳዕ 50 ሚእታዊት ፕሮቲን ትሕዝቶ ከምዘለዎ ክኢላታት ይሕብሩ። ብፍላይ ኣብ እዋን ዓጋር፡ ንመግቢ እንስሳ ዳርጋ ከም መድሃኒት ኩይኑ ይገልግል። ብዘይካ'ዚ ኣብ መግቢ ደርሁ ዝበለጸ እዩ። ስለዚ፡ እምበኣር ሰምሰም፡ በዞም ዝተጠቕሱን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ዘይተጠቕሱን ጥቕሚታቱ፡ ኣብ ግምት ኣትዩ ኣብ ሃገርና (ሕብረተሰብና) ብኽብሪ ካብ ዝጥሙ፡ ተባዓዚን ተደላይትን ዘርኢ ይገብሮ።





ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ፍረ ጸዕሪ

ሕርሻን መግብን

ስዩ ነጋሽ

# ኣገዳስነትን ኣፈራርያን ቃንጥሻ



ኣቶ ተኽለማርያም ዮሃንስ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

*** ንቃንጥሻ ከጥቅዕዎ ዝኽእሉ ሕማማት ኣለዉ'ዶ?**

- ንቃንጥሻ ዘጥቅዑን መግቢ ብምቅጻጽ ግቡእ ዕብየት ንኸይህሉ ዝዕንቅፉን እተፈላለዩ ዓሌታት ዕሲ ከም ጻህያይ ፋንጋስ (Weed fungus)፡ ሓደገኛታት ባክተርያን ከምዘለዉ ይፍለጥ። ሱር ቃንጥሻ ቅድሚ ምሉእ ብምሉእ ምዕባዩን ምዝርግሑን ኣብቲ ዘዳለናሉ መግቢ ዘሎ መኣዛታት፡ ማይ፡ ኦክስጅን ብምቅጻጽ ቃንጥሻ ብግቡእ ንኸይዓብን ከይምዕብልን ይገብር። ጻህያይ ፋንጋስ ካብ ኣካላቶም ብዘመንጭውዎ ነዝዒ ከይተረፈ ነቲ ውልዶ ቃንጥሻ ኸይዓብን ከይምዕብልን ይገብርዎ'ሞ፣ ባዕላቶም ነቲ ዝተዳለወ መግቢ ይጥቀምሉ። እቶም ካልኦት ባልዓት ድማ ሱር ብምምጋብን ብምቑሳልን ጉድኣት የውርዱ። ብተወሳኺ ገለ ባልዓት ከም ነፈርትን ለመምትን ሓሳኹ ዝኣመሰሉ ኣብ ፍረኣዊ ኣካል ዝርከብ መላግቦታት እንቋቑሖ ይጸፍዩ'ሞ፡ እቲ እንቋቑሖ ናብ ዕጸ ምስ ማዕበለ፡ ነቶም ዘይደልደሉ ኣካላት የጥቅዕዎም፡ ማለት ካብኦም ይምገቡ። እቶም ዝተተንከፉ ድማ ይቘስሉን ይምሽምሹን፡ በዚ ድማ ኣብ ምህርቲ ዓቢ ክሳራ የስዕቡ።

*** ምልክታቶም፡ ሳዕቤናቶምን ኣገባብ ምክልኻሎምን ከመይ ይመስል?**

ምልክታቶም ብቐሊሉ ዝርኣ ኰይኑ ሳዕቤናቶም ድማ ኣብ ሕርሻ ቃንጥሻ እቲ ኹሉ ዘውጻእካዮ ወፍሪ ክዓኑ ይኽእል። ዓቢ ክሳራ፡ ጥፍኣትን ንድሕሪት ምምላስን ድማ የስዕብ። እዚ ክሳራ ከይስዕብ ካብ መጀመርያ ክትጀምር ከለኻ እትሓልፎ መስርሓት ኣጽፊፍካ ምሓዝ ኣገዳሲ'ዩ።

ጻህያይ ቃንጥሻን ባክተርያን መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ'ቲ ነዳልዎ መግቢ ከምኡ ድማ ኣብ ከባቢ እቲ ነፍርየሉ ቦታ እዮም ዝርከቡ። ኣቓዲሙ ከምዝተሓበረ ድማ ነቲ ውልዶ 'ፈልሲ' እነዕብየሉ ወይ እነፍልሰሉ ቦታ፡ ነቶም ባልዕን ጻህያይን ከጥፍእ ዝኽእል ከሚካ ተጠቒምና ነንጽሆ። ነቲ ዘዳለናዮ ቃንጥሻ ዝዓብየሉ መግቢ (ሳብስትሬት) ድማ ብሓያል ሙቐት ተጠቒምና ነምክኖ። ነቲ መዕበዩ ስፍራ ድማ ቅድሚ ኣብ ጥቕሚ ምውዓልና ብግቡእ ንምጽራይ ጸረ ባልዓትን ፋንጋስን ዝኾኑ መድሃኒታት ማለት ከሚካ ንነጽገሉ። እዚ ድማ ነቶም ኣብኡ ዝጸንሑ ባልዓትን ዘየድልዩ ፋንጋስን ባክተርያን የጥፍኣልና'ሞ ንቓንጥሻ ዝሰማማዕ ባይታን ጥዑይ ክሊማን ንፈጥር ማለት እዩ። ካልኦት ነቲ ናይ ቃንጥሻ ጀማሪ ሱር ዘባላሸዉ ሓሳኹ ኣብቲ መዕበዪ ገዛ ወይ ጽላል ንኸይፍጠሩ ብጽሬት ክንሕዞ ኣሎና። ኣብ እዋን ለይቲ ከይኣትዉዎ ድማ ማዕጽኡን መሳኹቱን ወይ ክዕጾ ኣሎዎ ወይ ድማ ነፈርትን ለመምትን ዘየእቱ ሬተ ወይ ናሙስያ ጌርና ክንሽፍኖ ይግባእ። እንተ ኣትዮሞ ድማ ነቲ ገዛ ዝእረ ፍርያት ኣብ ዘይህልወሉ ግዜ ጸረ-ሓሰኻ መድሃኒት ነጺግና ከነጥፍኦም ኣለና።

ገለ ካብቶም ተጻባእቲ ባልዓት ቃንጥሻ ንብሎም ከም ጻጸ፡ ፍልሖ፡ ቁንጪ ደርሆ፡ ኔማቶድን ነፈርቲ ሓሳኹ ዝኣመሰሉ ስለዝኾኑ፡ ነዚኣቶም ዘጥፍኡ ከም ፎርማል ዲሃይድ፡ ፖታስዩም ፐርማንጋኔት፡ ካርቦሊክኣሲድ፡ ኣልኮል፡ በነዛልኮንዩም-ብሮማይድ፡ ላይም/ኖራን ማላታይንን ዝኣመሰሉ ኬሚካላት ይርከቡ እዮም። ንገለ ካብኣቶም ንምክልኻል ድማ ካብ ከባቢ ደርሁ ዝሓድራሉ ቦታ ሕርሻ ቃንጥሻና ምርሓቕ፡ ነቶም ነፈርቲ ሓሳኹ ንምክልኻል ድማ ኣቓዲሙ ከምዝተሓበረ፡ እቲ ኣፍደገን መስኮትን ናይቲ ገዛ ቃንጥሻ ብላምስያ ብምሻፋን ኣብ ግዜ ለይቲ ንኸይኣትዉ ምክልኻል ይከኣል። ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ድማ ንመፍረ ሕርሻ ቃንጥሻ ተኸላኺልና ናብቲ ዝድለ ዕላማና ከነብጽሖ ንኽእል ኢና። ኵሉ ተደማሚሩ ድማ ኣብ ዕብየት ምህርትናን ጽሬት ፍርያትናን ዓቢ እጃም ይጻወት እሞ ንሕና ድማ ዕዉታት ኣፍረይቲ ሓረስቶት ቃንጥሻ ብምዃን ስራሕናን ጻዕርናን ኣኽሳቢ ስለ ዝኸውን ወፍርና ድማ ቀጻልነት ይህልዎ ማለት ብቐሊሉ ኣይቁጸን።

*** መፍረ ቃንጥሻ ዝመርጾ ዓይነት ሓመድ ከመይ ይመስል?**

- ቃንጥሻ ካብ ስድራቤት ዕሲ ኰይኑ ሳፕሮፋይትስ ኣብ ዝበሃል ንኡስ ዓሌት'ውን ይምደብ። እዚኣቶም ኣብ ዝሞተ ኣካል ተኽሊ ማለት ጉንዲ፡ ቈጽሊ፡ ንቑጽ ሳዕሪ፡ ተረፍ-ምህርቲ በበይኑ ኣእካል፡ ቃንጫ፡ ሓሰር፡ ርሺ፡ ፍሩስካ ስርናይ ወይ ሩዝ፡ ዳካ ቡን፡ ቀጠፍን ተረፍ-ምህርቲ ጡጥን ዝኣመሰሉ ነገራት ከም መዕበዩ ቃንጥሻ የገልግሉ። ኣብ እግሪ ገረብ ዝርከብ ዝመሽመሸ ርጋፍ ኣቑጽልቲ ዝርከብዎ ልሙዕ ሓመድ ድማ ከም ተወሳኺ መዕበዩ ቃንጥሻ የገልግል። ተኽሊ ወይ ዘራእቲ ቃንጥሻ ኣብ መሬት ማለት ሓመድ ተዘሪኡ ኣይወጽእን፡ ኣይዓብን እዩ። ቃንጥሻ ናቱ ዝኾነ ዝተፈልየ መስርሕ ምዕባይ እዩ ዘለዎ። ብገለ ሸነኹ ንእንስሳታት ብኣመጋግባ ይቃጸጽ ክበሃል ይከኣል።

ንቃንጥሻ መዕበይን መራብሕን ከም መግቢ ንኽንጥቀመሎም ኢልና እነዳልዎ ነገራት ሳብስትሬት ተባሂሎም ይጽውዑ። ሳብስትሬት ካብ ዝተፈላለዩ ነገራት ክዳለዉ ይኽእሉ። ንሳቶም ድማ ደሓን ትሕዝቶ ማዕድናት ፕሮቲን፡ ቪታሚናትን ካልእን ካብ ዘሎዎም በበይኖም ዓሌታት ሳዕሪ፡ ካብ ናይ እተፈላለዩ ዓይነት ኣእካል ዝርከብ ሓሰር ይኹን ናታቶም ተረፍ ምህርቲ፡ ካብ እተፈላለዩ ዓሌታት ኣግራብ ውጽኢት ዝኾነ ርሺ ማለት ጽራብ ዕንጨይትን ጣውላን ከምኡ ድማ ካብ በበይኑ ኣቑጽልትን ካብ ገፊጥ መፈጥ ጻህያይን ዝተዳለወ ኮምፖስትን ዝኣመሰሉ ይዳሎ። እዚ ክንብል ከለና ግን እዞም ዝተጠቕሱ ነገራት፡ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ባእታታት ሳብስትሬት'ኳ እንተኾኑ ብተወሳኺ ድማ ከም ዒባ ከብቲ፡ ድኹዒ ጤለ-በጊዕ፡ ድኹዒ ደርሆ፡ ሓሰማን ኣድገ- በቕልን ምስ ሓሰር ሓዊስካ ብምድላው ክንጥቀመሎም ንኽእል። እቶም እንጥቀመሎም ዓሌታት ሳዕሪ ብትሕዝቶ ሃብታማት ደኣ ይኹኑ እምበር ከም ድርቂ፡ ቡቕቡቕ ብውሑድ ዓቐን ፍሩስካ፡ ሓተላ ሸኮር (ባጋስ፡ ተረፍ ናይ ቅብኣ ፍረ ጡጥን ፋልን ቀራፍ ካልኦትን ብዓቐንን መጠንን ምስኦም ሓዊስና ምስ እነዳልዎ ኣብ ፍርያት ቃንጥሻ ዝያዳ ምህርትን ብሉጽ ፍርያትን ምርካብ ይከኣል። ብፍላይ ርሺ ዘለዎ ንጥረ ነገራት እኹል ስለዘይኮነ ካልእ ከም ሳዕርን እዞም ዝጠቐስናዮም መወሰኽታን ምስ እንሕውሰሉ ዝያዳ ውጽኢታዊ ይኸውን። እዚ ከምዚ ኢሉ ኸሎ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ መወሰኽታ 2 ሚእታዊት ጀሶ፣ ኖራ 10-20 ሚእታዊት ፍሩስካን ምጥቃም ይከኣል። እዞም ባእታታት እዚኣቶም ምረተ-ምጾት ናይቲ እነዳልዎ ሳብስትሬት ናብቲ ዝድለ ንኽመጽእን ትሕዝቶ ፕሮቲን ንምውሳኽን ይሕግዙ። ብተወሳኺ ናይ ካርቦን ትሕዝቶ ድማ ንምዕባይ ይሕግዙ። እቲ እነዳልዎ ሳብስትሬት ንእነፍርዮ ምህርትን ብሉጽነት ቃንጥሻ ኣዝዩ ወሳኒ ስለዝኾነ ኣብ ምድላዉ ልዑል ጥንቃቐ የድልየና። እዚ ማለት ድማ ብሉጽን ጽሩይን ዝኾነ ምህርቲ ንምርካብ እነዳልዎ ሳብስትሬት ኵሉ ዘማልአ ክኸውን ይምረጽ።

*** ቃንጥሻ ኣብ ገዛና ከነፍርዮ ንኽእልዶ? ወላስ ዝመርጾ ዓይነት ቦታ ኣሎ'ዩ?**

- እወ ከነፍርዮ ንኽእል ኢና። እቲ እነፍርየሉ ኣገባብ ግና ከም ዝኾነ ዓይነት ተኽሊ ማለት ሓምሊ፡ ፍሩታ፡ ዘራእቲ፡ ቀመማት ወይ ፍዮሪታት ብቐሊል ዝበለ ኣይኮነን። ቃንጥሻ ናቱ ዝኾነ ፍሉይን ቁሩብ ክብድ ዝበለን ዓይነት ኣፈራርያ እዩ ዘለዎ። ንሱ ድማ ኣቓዲምና ከም ዝሓበርናዮ ብኻልእ ዓይነት ፋንጋስ (ዕሲ) ባክተርያን ካልኦት ሓሳኹን ስለዝጥቃዕ ነዚ እንሕልወሉ ኣገባብ ኣለዎ። ካልእ ቃንጥሻ ንምፍራይ ንቃንጥሻ ዝሰማማዕ ክሊማ ምፍጣር የድሊ።

እዚ ድማ ካብ ምድላው ሳብስትሬት (መዕበዪ ባእታ)፡ ነቲ መዕበዪ ባእታን (ሳብስትሬት) እነዕብየሉ ዳስ ወይ ገዛን፡ ካብ ባልዕ ናጻ ምግባር። መጠን ሙቐት፡ ራህዲ፡ ጠልን ብርሃንን ዝዓብየሉ ስፍራ ከም ዝሰማማዕ ምግባር። ስለዚ፡ ነዝን ዝተረፉ ካልኦትን ኣማሊእና ኣብ ገዛና ከነፍሪ ንኽእል ኢና።

ብፍሉይ ዝሰማምዖ ዓይነት ቦታ ኣሎ ድዩ ንዝብል፡ ዝመርጾ ቦታ እኳ ክህልዎ ዝኽእል እንተኾነ፡ ባዕልኻ ብእትፈጥረሉ ንዕኡ ዝሰማማዕ ምቹእ ክሊማን ቦታን ምፍጣር ግን ዘጸግም ኣይኮነን። ብሕክምናዊ ይኹን ብመኣዛዊ ጥቕምታቱ ቃንጥሻ ኣዝዩ ኣገዳሲ መግቢ እዩ። ኰይኑ ግን ቃንጥሻ ንኸነፍርዮ ኣብ ላዕሊ ከምዝጠቐስናዮ ቁሩብ ሕልኽላኽ ዝበዝሖ ስለዝኾነ ዕሙቕ ዝበለ ፍልጠት ወይ ስልጠና የድሊ። ኰይኑ ግን፡ ቃንጥሻ ምምጋብ ዓቢ ጥቕሚ ስለዘለዎ፡ ሕብረተሰብና ካብቲ ፈርዩ ኣብ ዕዳጋ ዝርከብ ፍርያት ክጥቀም እላቦ።

***



ንቐደም በሉ!

## ቅልጡፍ ኣደላልዋ ርግኦ



**ዘድልዩና ጥረ ነገራት**

- 800 ሚሊ ሊትር ጸባ ወይ
- 125 ግራም ሓርጭ ጸባ
- 750 ሚሊ ሊትር መበጽበጺ ማይ
- 125 ሚሊ ሊትር ርግኦ(መራግእቲ)

**ኣገባብ ኣደላልዋ**

- መጀመርታ ነቲ ጸባ ካብ 76 - 80 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (ዲ.ሰ.ግ) ረስኒ ዝበጸሕ ነፍልሖ፣
- ምስ ፈልሐ፡ ክሳዕ 44 ዲ.ሰ.ግ ዝበጽሕ ንኽዝሕል ንገድፎ፣
- ድሕሪ'ዚ፡ ነቲ ዘዳለናዮ መራግእቲ ነእትወሉ፣
- ነቲ ክነቐምጠሉ ኣዳሊናዮ ዘሎና መትሓዚ፡ ካብ 5 -10 ደቓይቕ ኣብ ማይ ውዑይ ኣምኪንናዮ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ነቲ መራግእቲ ዝሓወስናሉ ጸባ ኣብቲ መትሓዚ ንመልኦ
- ክሳዕ 40 ዲ.ሰ.ግ ክዕቅበልና ኣብ ዝኽእል ቦታ ነቐምጦ ወይ ኣብ ብምዉቕ ጨርቂ (ከም ኮቦርታ) ነቐምጦ'ሞ፡ ካብ 4 - 6 ሰዓታት ድማ ንኽረግእ ንጽበዮ
- ኣብ ዝሑል ቦታ እንተኾይኑ ክሳብ ልብጥ ዝብል ኣብ ሓዊ ደጊምና ንሰኽትቶ
- ቀጺልና፡ ነቲ መሊእናዮ ዘለና መትሓዚ፡ ብግቡእ ከዲንና ነቐምጦ፣
- ምስ ረግአ ኣብ ዝሑል ቦታ ንዕቅቦ
- ከከም ኣድላይነቱ ድማ ምስ ዝኾነ መማቐርቲ ንመግቢ ንቕርቦ

ኣዳላዊት፦ Ursula Ameen

ትርጉም፦ ጽንዓት ብርሃነ

# ሸባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሸባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሸባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ይምለሰኒዶ ይኸውን?

ይምለሰኒዶ ይኸውን?

ደዋሊት፤ ሄሎው፡ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ድዩ?

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ኣለኺ፡ መን ክብል?

ደዋሊት፤ ሄርሜላ እበሃል።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ ጽቡቕ ሄርሜላ፡ እንታይ ክሰምዓኪ?

ደዋሊት፤ ዓርከይ ክጠልመኒ ደልዩ፡ ብኸመይ ክመልሶ ይኽእል?

ኣማኻሪ፤ ሄርሜላ፡ ኣሰፍሕ ኣቢልኪዶ መረዳእኽኒ?

ደዋሊት፤ ብዕርክነት ኣርባዕተ ዓመት ተጓዒዝና ኢና። ሌላና ኣብ ስራሕ'ዩ ዝጀምር። ከም መሳርሕቲ ድማ ብሓባር ብዙሕ ግዜ ኣሕሊፍና ኢና። ግዜ ምስ ነውሐ ተለማሚድና ዕርክነት ጀሚርና። ስድርኡ ኣብ ካልእ ቦታ ስለ ዝቕመጡ፡ ሓደ መዓልቲ ንዕረፍቲ ናብ ስድርኡ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ ምስ ሓንቲ ጓል ተጋጊዩ። በዚ ኣጋጣሚ ጥንሲ ኣጓኒፉ። ስድራ ጓል ተመርዓዊ ኢሎም ጸቕጢ ስለ ዝገበርሉ፡ ፈሪሑ ተመርዕዩዋ። ማዕረማዕሪኡ ግን ክልቴና ርክብ ኣየቋረጽናን። ኣመና ስለ ንፋቐር ክንፈላለ ዝከኣል ኣይኮነን። ሎሚ ጽባሕ ክፈትሓ'የ እናበለ ግን ካልኣይ ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ሕጂ ኸኣ ዓርከይ ይጠልመኒ'ዩ ዘሎ መሰለኒ፡ እታ ጓል ካልኣይ ጥንሲ ሒዛ ኣላ። ኣነ ብዘይክኡ ዝፈልጦ ሰብ የብለይን። ኣዝየ'የ ጉህየ ዘለኹ። እዚ ኩሉ ተጻዊረኸ ክምለሰኒ ድዩ!

ኣማኻሪ፤ ሄርሜላ፡ ርክብኩም ከመይ ድዩ ነይሩ?

ደዋሊት፤ ንዓይ ፈለማ'ዩ። ኣዝየ ስለ ዝፈትዎን ዘፍቅሮን ድማ ኩሉንትናይ ሂበዮ'የ። እንድዒ፡ ብዘይክኡ ካልእ ሰብ ዘሎ ኮይኑ ኣይስምዓንን'ዩ?

ኣማኻሪ፤ ኣጆኺ፡ ኣብዛ ዓለም ቢሊዮናት ሰባት'ዮም ዝነብሩ። ንምኳኑ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝምድናኹም ኣብ ከመይ ኩነታት ኣሎ?

ደዋሊት፤ ምስ'ዚ ካልኣይ ጥንሲ ግዲ ኮይኑ፡ ኣብዚ ቀረባ ኣዋርሕ ምኽንያታት እናፈጠረ ክርሕቀኒ ጀሚሩ። ቅድሚኡ ግን ሓዳር ስለ ዘይገብርኩላ ሓዳር ግበረለይ ኢላ ዓቕላ ምስ ኣጽበበት፡ "ዓቕሚ የብለይን፡ ኢለ ክፈትሓ'የ፡" እናበለ ከታልለኒ ጸኒሑ። ሕጂ ግን እንድዒ፡ ይጠልመኒ'ዩ ዘሎ መሰለኒ።

ኣማኻሪ፤ ሕጂ ዘሸገረኪ ዘሎ ጉዳይ እንታይ'ዩ?

ደዋሊት፤ ከምቲ ኣቐዲመ ዝሓበርኩኻ፡ ክብረተይ ኣሕሊፈ'የ ሂበዮ። ብዘይክኡ ዝፈልጦ ወዲ ስለ ዘይብለይ፡ ክምለሰኒ'ዩ ኢለ እናተጸበኹ፡ ይርሕቀኒ ምህላዉ'ዩ ዘሻቕለኒ ዘሎ።

ኣማኻሪ፤ ስለምንታይ ቅድሚ ቃልኪዳንን ሓዳርን ክብረ ንጽህናኺ ኣሕሊፍኪ ሂብክዮ?

ደዋሊት፤ "ወዲ ቀልጢፍካ እንተ ዘየለማሚድካዮ ይሃድም'ዩ፡" ክብላ ስለ ዝሰማዕኩ፡ ከይርሕቀኒ ኢለ ብስምዒት ተደፋፊአ ውዒለዮ።

ኣማኻሪ፤ እሞ እንታይ ረብሓ ረኺብክሉ?


ደዋሊት፤ ሽዑ ኣይትሓሰቦን ኢኻ'ምበር፡ ብዘይካ ጣዕሳን ክሳራን እንታይ'ሞ ክረክብ!

ኣማኻሪ፤ ብባህሊ፡ ሃይማኖት፡ ስነምግባርን ጥዕናን ክንርእዮ እንከለና፡ ቅድሚ መርዓ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም ዘይቅቡል፡ ነውርን ሓጥያትን ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ንዘይተዳለኻሉ ጥንስን ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ብምቅላዕ ክብሪ ዝቐንስ ንጥዕና ኣብ ሓደጋ ብምእታው ዕድመ ዝሕጽር ምኳኑ ኣይስሓትን። ንዓኺ ዝሕሸኪ ድማ ባዕልኺ'ምበር ካብ ካልእ ሰብ ክትርድእዮ ዝከኣል ኣይመስለንን። ናይ ዓርከ መሓዛ ሓሳብ ፍጹም ኣየድልን ዝበሃል'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ናይ ምምማይ ሓላፍነት ግን ናትኪ'ዩ። ምስ ምምስራት ዝምድናታት፡ መትከላት ስድራቤትክን ባህልን ልምድን ሕብረተሰብክን ምርዳእ ድማ ክብሪ ዝውሰኽ ኣምር ስለ ዝኾነ ምውካሱ ኣገዳሲ'ዩ። ብተወሳኺ ብስምዒትኪ ጥራይ ክትሓስቢ እንተ ጀሚርኪ፡ ስምዒትኪ ክንዲ እትመርሕዮ ክመርሓኪ ስለ ዝጀምር፡ ሳዕቤኑ ሓደጋ ጥራይ'ዩ። ስለዚ፡ ብስምዒትኪ ምሕሳብክን ባህልን ልምድን ሕብረተሰብኪ ዘይምርዳእክን ጣዕሳን ክሳራን ከም ዘስዓበልኪ ተገንዚብክዮ ኣለኺ። ሕጂ ደኣ ብኸመይ ክምለሰኪ ትሓስቢ ኣለኺ?

ደዋሊት፤ ኣነ ፍቕረይ ኣይወዳእኩን። ምስ'ዛ ወሊዱላ ዘሎ ድማ ፍቕሪ የብሉን። ዝበዝሐ ግዜ ምሳይ ስለ ዝሕልፍ ክሕዞ እኽእል'የ።

ኣማኻሪ፤ ብቓልኪዳን ዝተኣሳሰሩ ሰባት፡ ንሳ ብዓልቲቤቱ፡ ንሱ ድማ ብዓልቤታ'ዮም ዝበሃሉ። ሓቀኛ ፍቕሪ ድማ ስጋዊ ርክብ ጥራይ ዝሕላገቱ፡ ብኹነታት ዝጽሎን ዝውዳእን ዘይኮነ፡ ኣብ ራህዋን ጸገምን ዘሎን ዝነብርን'ዩ። ስለዚ፡ እቲ ኣይወዳእክዎን እትብልዮ ዘለኺ ፍቕሪ፡ ንምውዳእ ወግዓዊ ናብራ ፈሪሱኸ ዘውዳእዶ ይመስለኪ? ብኻልእ ወገን ንስኺ ብዓልቲቤቱ ኔርኪ እንተ ትኾኒ ከመይ ምተሰምዓኪ?

ደዋሊት፤ ኣይምሳይ እንድዩ ሃሙን ቀልቡን ነይሩ። ሎቕመጽመጽ ክትብል'ያ ኣስሒታቶ'ምበር



መዓስ ብዛዕባይ ሓሲባ። ባዕላ ትፍለጥ'ምበር።

ኣማኻሪ፤ ከም'ቲ ንሳ ባዕላ ብገዛእ ርእሳ እትፈልጥ፡ ብገዛእ ርእስኺ እትሓትን ትሕተትን ድማ ባዕልኺ ደኣ'ምበር ካልእ ኣይኮነን። ምስትውዓልኪ ስለ ዝጎደለ ከባቢኺ ኣየስተብሃልክሉን ክትኮኒ ትኽእሊ ኢኺ። ንስሕታንኪ'ምበር ንስሕታን ካልእ ሰብ ምንሳሕ ድማ ፍትሓዊ ኣይመስለንን። ተጋግዩ ድዩ ስሒቱ ባዕሉ እንተመለሶ'ዩ ቁምነገር ዘህልዎ። ብወገንኪ ግና ሓደ እኹል፡ ጥዑይን ዘመዛዝንን ሰብ ብዘይ ኣፍልጦ ተገዲዱን ፈሪሑን ብኸመይ ሓዳር ክገብር ይኽእል ይመስለኪ?

ደዋሊት፤ እቶም ወለዳ፡ "ጓልና ኣሕሲምካ ናበይ፡" ኢሎም ኣትሪሮም ስለ ዝሓዝዎ ብዓቕሊ ጽበት'ዩ ተመርዕዩ።

ኣማኻሪ፤ ዝምድናኹም ብናይ ክልቴኹም ስድራ ብኸመይ ይፍለጥ?

ደዋሊት፤ ወለዱ ይፈልጡ ነይሮም'ዮም። ወለደይ ግን ኣዝዮም ኣኽረርቲ እዮም። ምስ ዝኾነ ወዲ ክቐርብ ዘየፍቅዱ ስለ ዝኾኑ፡ ዝፈልጥዎ የብሎምን።

ኣማኻሪ፤ ንምንታይ'ዮም ወለድኺ ምስ ወዲ ተባዕታይ ምኻድ ዘየፍቅዱ? ዕድሜኺ ክንደይ ድዩ?

ደዋሊት፤ ዕድመይ 22 ዓመት'ዩ። ደቂ ተባዕትዮ ከየጋግዩኺ ኣይትቐረብዮም'ዮም ዝብሉ።

ኣማኽሪ፤ እሞ፡ ኣካይዳኺ ጌጋ ኣለዎዶ ትብሊ?

ደዋሊት፤ ኣካይዳይ ስለ ዘየዐወተኒ ጌጋ'ዩ ዝኸውን ዘሎ ማለት'ዩ።

ኣማኻሪ፤ እሞ፡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ኣካይዳኺ ከም ዘየዐወተኪ ክትገልጽለይ ጸኒሕኪ። ጌጋ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን መፍትሒ ንምምእዛን ዝሕግዙና ወለድን ለባማትን ስለ ዘለዉ፡ ምስኦም ምልዛብ ሓጋዚ'ዩ። ካብዚ ሓሊፉ ድማ ኩነታት ጥዕናኺ ኣረጋጊጽኪ ካልእ ህይወት ንምምዕዳው ዝሓለፍክዮ ከም መምሃሪ ኣጋጣሚ ክትወስድዮ ይከኣል'ዩ። ብዛዕባ ምሳኺ ዕርክነት ዝነበሮ ሰብ ከም ብጹእ ፍጥረት ርእዩኺ ከባቢኺ ከተማዕድዊ እንተ ዘይክኢልኪ ተወሳኺ ጌጋ ክትምልኢ ትኽእሊ ኢኺ። ብርግጽ ድማ ንሓሳባትኪ ይጠቕመኪ ድዩ ዘሎ ይጎድኣኪ ምምዛኑ ከድልየኪ'ዩ። ብቐኑዕ ልቦና እንተ መሊስክዮ ድማ ካብ ገዛእ ርእስኺ ምብዳልን ምሕሳውን ከናግፈኪ'ዩ።

ደዋሊት፤ እሞ፡ ዓርከይ ክምለሰኒ ኣይክእልን'ዩ ማለት ድዩ?

ኣማኻሪ፤ ሄርሜላ፡ ብዛዕባ ምምላስ ዘይኮነ፡ ምሳኺ ምንባሩ ርግጸኛ ዲኺ?

ደዋሊት፤ ኣወዳት ዝብልኹም መቸም፡ እምነት የብልኩምን! ክልተ ልቢ ሒዙ'ዩ ዝቐርበኒ ነይሩ ማለት'ዩ!

ኣማኽሪ፤ እምነት ንጹታ ኣይውክልን'ዩ። ብገዛእ ርእስኺ ከይኣመንኪ ንኻልእ እምነት ክትኮኒ ምፍታንኪ ውሕስነት ከምጽኣልኪ ዝኽእል ኮይኑ ኣይስመዓንን። ስለዚ፡ ሕቶ ንገዛእ ርእስኺ ምምላስ እምበር ንኻልእ ምልጋብ እቲ ሓቂ ንምርዳእ ኣይሕግዘክን'ዩ። ስለዚ ብርግጽ ኣነን ተግባራተይን ንዓይ ይጠቕመኒ ድዩ ብምባል ንውሽጥኺ ምፍታሽ ከድልየኪ'ዩ።

ደዋሊት፤ ክንዲ ንፍቕሪ ክሰዋእ'የ ዝበልኩ እዚ ክፍደ! እንታይ ከም ዝገብር ኣይፈልጥን ዘለኹ።

ኣማኽሪ፤ ፍቕሪ እንተ ዘይተሰዋኣልኪ እሞ፡ ንመን'ዩ መስዋእትኺ?

ደዋሊት፤ እንድዒ፡ ካልእ ግዜ ሓሲበ ክድውል'የ። ቻው።

ኣማኽሪ፤ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኺ ዕድል ረኺብኪ ክዉን ክትሓስብን ክትርድእን ተስፋ እገብር። ሰሰናዩ እምነየልኪ! ቻው!

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

### ተመሳል ጉስ

ሱራፌል ተ.

ጉስ ካብ ደርሆማይ ዕብይ ዝበላ ዓይነት ኣዕዋፍ እዮን። ኣብ ግዜ ቐውዒ ሓጋይ ናብ ዘለዎ ኣንፈት ክበራ እንከለዋ፡ ቀስቲ ዝመስል (V) ሒዘን ይበርራ። ስለምንታይ ከምኡ ኢለን ይበራ ኣሎዋ ሳይነስ ኣጽኒዑ መልሲ ቀሪብልኩም ክህሉ ተስፋ ኣሎኩም። ነፍሲወከፍ ዑፍ ጉስ ኣብዚ ዕስለ፡ ብቐዲ ቐስቲ ከተንገብግብ እንከላ፡ ነታ ድሕሪኣ ዘላ ዑፍ ብውሑድ ጸዓት ክትበርር ትሕግዛ። በዚ ቕርጺ'ዚ ምብራር ንነፍሲወከፍ ዑፍ፡ ካብቲ በይና እትበሮ፡ ብ71 ሚእታዊት ናይ ምብራር ዓቕሚ የዕብዮ።

ሓደ ኣንፈት ዝሓዙ ብሓፋሽ ዝሓስቡ ሰብ፡ ናብቲ ዝደለዩዎ ብቐሊሉ ቀልጢፎም ክበጽሑ ይኽእሉ። ምኽንያቱ ጉዕዞኦም ኣብ ንሓድሕዶም ብምትእምማን ስለ ዝኸዱዎ።

ብቕርጺ ቐስቲ ኣትያ ክትከይድ ዝጸንሐ ጉስ ዑፍ፡ ካብቲ መስመር ፍልይ ምስ እትብል፡ እቲ ንኽትበርር ዝኽልክላ ተፈጥሮኣዊ ተጻራርነት ይዛይድ'ሞ ቀልጢፋ ናብ መስርዓ ክትምለስ የገድዳ።

ከም ናይ ጉስ ምስትውዓል እንተ'ለና፡ ካብ መስመር እቶም ናብ ኣንፈትና ዘጓዕዙና ሰባት ኣይንፍንተትን።

ኣብ ቅድሚት፡ በሊሕ ጫፍ ናይቲ ቀስቲ ኣብ ዘሎ ነጥቢ እትበር ዑፍ - እታ ርእሲ ወይ መራሒት ዘላ ዑፍ እንተ ደኺማ፡ እዘን ኣዕዋፍ ንድሕሪት ሽብልል ኢለን ይምለሳ'ሞ ነታ ዝደኸመት ተኪአን ድማ ናብ ዝነበርአ ኣንፈት ይመለሳ።

ኣመና ወሳኒ ዕማም ኣብ ዝህሉወና፡ ሽብልል ኢልና ምምላስ ይከኣል'ዩ።

እተን ኣብ ድሕሪት ናይዚ ዕስለ ዝርከባ ጉስ፡ እናነቀዋ ይጓዓዛ። ብናቋኣን ነተን ቅድሚት ዘለዋ ፍጥነተን ከየጉድላ የተባብዓ።

ንሕናኸ ብድሕሪ ኴንና ክንቅው እንከለና እንታይ መልኽቲ ንምሃብ ኢና?

ኣብ መወዳእታን ኣገዳስን ተምሳለት እዘን ኣዕዋፍ ከኣ ንርአ፤ ኣብ ጉዕዞ እዘን ዕስለ፡ ሓንቲ ዑፍ እንተ ሓሚማ ወይ ብጥይት ተሃሪማ ካብኣን ምስ ትተርፍ፡ ክልተ ካብዚ ዕስለ ምስኣ ይተርፋ። ዓቕማ መሊሳ ክትበርር ክሳዕ እትጅምር ወይ እትመውት ምስኣ ይጸንሓ። ሽዑ ናተን ጉዕዞ ይጅምራ፤ ካልእ ዕስለ እንተ ረኺበ ኸኣ ተሓዊሰን ንብጾተን የርክባ።

ከም ናይዘን ኣዕዋፍ ምስትውዓል እንተ'ለና፡ ኣብ ጉድኒ ሓድሕድና ደው ክንብል ኢና።

Inspirationalstories.com




ሓበን ተስፋሚካኤል

# ስርዓተ-ምስትንፋስን መትንታት ደምን ዝምርምር ዓራት!

ምህዞታት እናማዕበሉን ለውጥታት እናተኻየደሎምን ካብቲ ፈለማ ክምህዙ እንከለዉ ዝነበርዎ ጥቕሚ ደማ ዝያዳ ኣገልግሎት ክምዝህቡ ኩይናምዮም ናብ ዕዳጋታት ዝቐርቡ ዘለዉ።

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ሚሺጋን - ኮሎምቢያ፡ ጸገማት ጥዕና ክምርምር ዝኽእል ‘ስማርት’ ዓራት ምህዞም ምህላዎም ሓቢሮም። ንሳቶም፡ ኣብ ትሕቲ ፍርናሽ ናይ’ቲ ‘ስማርት’ ዓራት፡ ብመንገዲ ሰልኪ-ኣልቦ፡ ምስ ሞባይልን ኮምፕዩተርን ብዝተራቐቐ ኣገባብ ዝተኣሳሰር ኤሌክትሮኒክስ ኣላጊቡም እዮም ኑቲ ምህዞኦም ኣዳልዮምዎ ዘለዉ።

እቲ ስማርት ዓራት፡ ስርዓተ-ምስትንፋስ፡ መትንታት ደምን ካልእ ኩነታት ጥዕናን ዝምርምር ኩይኑ፡ ኣብ እዋን ለይቲ ሰፊዕ ሰዓታት ድቃስ ወሲደካ እንተኾይንካ ዘረጋግጽ እዩ። እቶም ተመራመርቲ፡ ኣገልግሎት ናይ’ቲ ስማርት ዓራት፡ ብፍላይ ኣብ ሕክምናን ካልእ ምስኡ ዝተኣሳሰር ጽላታትን ኣገዳሲ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ብፍላይ ንሕሙማት ኣብ ርሑቕ ቦታ ኩይንካ ክትከታተሎም ዘኽእል ምህዞ ምዃኑ ኣገንዚቦም።

ንሳቶም፡ ኣብ’ታ ‘ስማርት’ ዓራት ብምድቃስ ጥራይ፡ ኩነታት ጥዕናኻ ክትፈልጥን ጸገማት እንተ ሃልዩካ ደማ ከየበርትዓካ እንከሎ ኣቐዲምካ ኣለሊኻ ኣብ ምፍዋሱ ክትጓዓዝ ዘኽእል ብምዃኑ፡ እቲ ምህዞ ብበዙሓት ክኢላታት ቴክኖሎጂ ተቐባልነት ረኺቡ ኣሎ።



# ቡን ምስታይ ሕማም ጸላም ከብዲ ይከላኸል?

ቡን፡ ኣብ ዓለም ብዘተፈላለየ ኣቀራርባ ኣብ ኣገልግሎት ዝውዕል ኩይኑ፡ ሓደ ካብቲ ብበዚሒ ተጠቐቢት ዘለዎ ዓይነት ጥረ እዩ። እዚ ብመልክዕ ማስተ ምስ ተዳለወ፡ ናይ ምንቅቓሕ ስምዒት ዝፈጥር ካፊይን ዘለዎ ጥረ ነገር፡ ምስ ሕማማት ዘለዎ ምትእስሳር ንምጽናዕ ብዙሕ ምርምራት ተኻይዱሉ እዩ። ካቢት ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከኣ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ቡን ምስታይ ናብ ሕማማት ከቃልዕና ከም ዝኽእል እዩም ዘበርህ።

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ኢደንበርግ - ብሪጣንያ፡ ቡን ምስታይ ንሕማማት ጸላም ከብዲ ከም ዝከላኸል እዩም ዝሕብሩ ዘለዉ። ሕማም ጸላም ከብዲ ግቡእ ሕክምናዊ ምክትታልን ፈውስን እንተ ዘይረኺቡ ናብ ሞት ከቃልዐና ዝኽእል ሓደገኛ ሕማም እዩ። እቶም ተመራመርቲ፡ ኣብ መንጎ ቡን ምስታይን ሕማም ጸላም ከብድን ዘሎ ምትእስሳር ንምፍላጥዮም ልዕሊ 495 ሽሕ ሰባት ዘሳተፈ መጽናዕቲ ኣካይዶም።



ኣብ’ቲ መጽናዕቲ ዝተሳተፉ ሰባት፡ እቶም 78 ሚእታዊት፡ ብዘተፈላለየ መንገዲ ዝተቓመመን ዘይተቓመመን ቡን ዘዘውትሩ ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም ዝተረፉ 22 ሚእታዊት ድማ ፈጺሞም ቡን ዘይሰትዩ ምንባሮም ተገሊጹ። ኩሎም’ውን፡ ብኸምዚ ዓይነት ኣካይዳ ንኣስታት 10 ዓመት ዝተኻዕዙ እዮም ነይሮም። እቲ መጽናዕቲ ኣብ ዝቐደሉ ዝነበረ እዋን፡ እቶም 3600 ሰባት ብሕማም ጸላም ከብዲ ክጥቕዑ እንከለዉ፡ 301 ሰባት ከኣ ቢቲ ሕማም ሞይቶም።

ውጽኢት ናይ’ቲ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ እቶም ቡን ዘዘውትሩ ዝነበሩ፡ ብሕማም ጸላም ከብዲ ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎኦም ትሒቱ ተረኺቡ - ብፍላይ ከኣ ካብ ብስብሒ ዝተሸፈነ ጸላም ከብዲ ክከላኸሉ በቒዖም። እቶም ቡን ዘይሰትዩ ዝነበሩ ሰባት ግን፡ ቢቲ ሕማም ዝያዳ ክጥቕዑ እዮም ተራእዮም።

ጠንቂ ሕማም ጸላም ከብዲ፡ ብዘተፈላለየ መንገዲ ዘጋጥም’ኳ እንተኾነ፡ ቅድሚ ግዳይ ናይ’ቲ ሕማም ምዃንካ ግን ቡን ምስታይ ሓደ ካብቲ ክትከላኸለሉ ዘኽእል ሜላ ምዃኑ፡ እቶም ኑቲ መጽናዕቲ ዘካየዱ ተመራመርቲ ምስክርነቶም ሂቦም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ቀንዲ ጠንቂ ሕማም ጸላም ከብዲ ልዕሊ ዓቐን ኣልኮላዊ መስተ ምዝውታር ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ብሰንኪ’ዚ ከኣ ክሳብ ሞት ዘበጽሕ ደረጃታት ናይ’ቲ ሕማም ናይ ምቅላዕ ተኽእሎ ከምዘጋጥም ኣረዲኦም።

እዚ ይኹን’ምበር፡ ዘጋጥመና ሕማማት ብሕክምናዊ መንገዲ ክሳዕርዎምን ፍወሳታት ክንረኽበሎምን ዝግበኣና ኩይኑ፡ ማዕረ ማዕረኡ ግና፡ ‘ቡን ዘይሰትዩ እንተኾይንካ፡ ጸላም ከብድና ክትጥቃዕ ትኽእል እያ’ ዝብል እምነት ክህልወና ኣይግባእን።

# ልምዲ ኣመጋግባ ወለዲ፡ ኣብ ደቆም ቀጥታዊ ጽልዋ ይህልዎ

ኣብ ኣመጋግባና በዩኑ ዓይነት ስርዓት ኢና እንኽተል። ገሌና፡ ብዘይ ዕላል ሃዲእና ንምገብ፡ ገለን ድማ፡ ዓውዓው እናበልናን ካብን ናብን ኣእዳውና እናንቀሳቐስናን እንምገብ ኣይንስእንን ንኸውን።

ኣብ ሃገርና፡ እቲ ግቡእ ስርዓት ዘማልእ ኣመጋግባ፡ ካብ ባህልናን ክብርታትናን ዝወረስናዮ ወግዒ ናይ መኣዲ እዩ። ካብዚ ፍልይ ዝበለ ስምዒታዊ ባህሪ ናይ ኣመጋግባ ግና፡ ብሰንኪ ካብ ወለዲ ናብ ደቆም ዝመሓላለፍ ጽልዋ ምዃኑ ብሪጣንያውያን ተመራመርቲ ይሕብሩ።

እቶም ኣብ’ዚ ዓውዲ ኣተኩሮም ዘጽንዑ ተመራመርቲ፡ ነዚ ምርምር ኣብ 218 ብዝሒ ስድራ-ቤታት ከም ዘቐደምዎ ይገልጹ። ንሳቶም፡ ዝበን ኣፍሲ-ወከፈን ህጻናትን ቈልዑን ዝሓቖፉ ስድራ-ቤታት፡ ንኣርባዕተ ዓመታት ከም ዝተኸታተልወን የረድኡ።

ኣብ’ተን ስድራ-ቤታት ዝርከቡ ቈልዑ፡ ኣመጋግባ ወለዶም እናረኣዩ ስለዝዓብዩ፡ ልክዕ ከም ናይ ወለዶም ልምዲ ኣመጋግባ ዝሓዙ ኩይኖም ከምዝተረኽቡ እቶም ተመራመርቲ ገሊጾም። እዚ ኸኣ፡ እቶም ኣብ መንጎ መኣዲ እናኣዕለሉን ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበሉን ዝምገቡ ወለዲ፡ ደቆም’ውን ከም ናታቶም ስርዓት ኣመጋግባ ዝኽተሉ ኩይኖም ተረኺቦም ማለት እዩ።

“ህጻናት፡ ብወለዶም ሽቱራዊ መግቢ ከም መቕሸሺ እናተዋህቦ ክምዝምገቡ ይግበር እዩ። እዚ ኸኣ ‘እዛ ቀሪብልካ ዘለኹ ምሳሕ እንተ ወዲእካያ፡ ብሽኮቲ ክህበካ እየ’ እናተባህሉ ይምገቡ’ሞ፡ እዚ ድማ፡ ኣብ’ቶም ቈልዑ ኣሉታዊ ስምዒታዊ ባህሪ ናይ ኣመጋግባ ሒዞም ክዓብዩ ይገብሮም” ዝበሉ ክኢላ መኣዛታት ስነ-መግቢ፡ ጆዋና ክለሳዎን፡ ከውግድ ከምዝለዎ’ያ ተዘኻኺሮ።


ንኣ ኣሰዒባ፡ ብቕብጥሮት መግቢ ዝበልዑ ህጻናት፡ ኑቲ ዝተቐረበሎም መግቢ ኣብ ክንዲ ንኣካሎም ዝሃንጽ መኣዛ ምዃኑ ፈሊጦም ዝምገብዎ፡ ኑታ መቕሸሺ ክረኽቡ ክበሉ ጥራሕ ብልዑል ህርፋንን ሃጭጭፍን ስለዝበልዕዎ፡ ኣብ ጥዕናኦም’ውን ሃሳዪ ምዃኑ ኣተሓሳሲባ።



# “ኣብ መደቀሲ ሽማግለታት ዝውላዕ ብርሃን ንጥዕናኦም ይሃሲ” ተመራመርቲ

ኣብ ግዜ ለይቲ፡ ከም ልቺ ዝኣመሰሉ ምንጪ ብርሃናት ኣጥፊእና ኢና እንድቅስ። እዚ ኸኣ፡ እቲ ብርሃን ዓይንና ደጕኒሑ ድቃስ ከይከልእና ብምባል እዩ። ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ሰሜን-ምዕራብ ድማ፡ ኣብ ዕድመ ሽምግልና ዝርከቡ ሰባት ዝድቅስሉ ክፍሊ፡ ውሑድ ብርሃን’ውን እንተኾነ ክውላዕ ከም ዘይብሉ ይመኽሩ። ንሳቶም፡ ውሑድ ብርሃን ወሊዕካ ምድቃስ፡ ሓደ ካብቲ ጠንቅታት ወሽጣዊ ሕማማት ማለት፡ ጸቕጢ ደም፡ ሽኮርያን ምኽሳዕን ዘኸትል ምዃኑ ብመጽናዕቲ ድሕሪ ምርግጋጾም እዩ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ኣስታት 552 ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ብምስታፍዮም መጽናዕቶም ኣካይዶም። እቶም ተሳተፍቲ፡ ካብ 60 ክሳብ 84 ዝዕድመኦም ኩይኖም፡ መብዛሕትኦም ኣብ ግዜ ለይቲ ውሑድ ብርሃን ወሊዖም ዝድቅሱ እዮም ነይሮም። እቶም ዝተረፉ ድማ ኑታ ዝድቅሱላ ክፍሊ ምሉእ ብምሉእ ኣጸልሚቶም ዝድቅሱ ነይሮም።



ኣቦ’ቲ ማሰርሒ መርመራ፡ ኑቶም ተሳተፍቲ፡ ኣብ ግዜ ድቃስ ኣብ ኣእዳዎም፡ ስማርት መዐቀኒት ደምን ወሽጣዊ ኩነታት ጥዕናኦም ዝሕብር ገመድን ተኣሲሩሎም።

እቶም ኑታ ዝድቅሱላ ክፍሊ ኣብርሆም ዝሓደሩ ዝነበሩ ሰባት ድማ፡ ግዳይ ሕማማት ጸቕጢ ደምን ሽኮርያን ከምኡ’ውን ብምኽሳዕ ኣካላት ዝሳቐዩን ኩይኖም ተረኺቦም። እቶም ኩሉ ብርሃን ኣጥፊኦም ዝድቅሱ ዝነበሩ ግና፡ ካብ’ዚ ዝተጠቕሰ ሕማማትን ምኽሳዕ ኣካላትን ናጻ ኩይኖም ጸኒሖም።

ቢቲ ዝተረኸበ ውጽኢት ከኣ፡ እቶም ተመራመርቲ፡ ኣብ እዋን ለይቲ፡ ዋላ’ውን ንውሑድ ብርሃን ተቓሊዕካ ምሕዳር፡ ጥዕናዊ ሳዕቤን ስለዘለዎ፡ ከም ሞባይል፡ ኮምፕዩተርን ካልእን ብርሃን ዘለዎም ኤሌክትሮኒካዊ ንብረት ወሊዕና ክንድቅስ ከምዘይብልና፡ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ ኣገንዚቦም።

# “ኣብ ምድረ-በዳ ኣታካማ ቀላይ ነይሩ ክኸውን ይኽእል’ዩ” ሊቃውንቲ

ኣብ’ቲ ዝቕጽአ ምድረብዳ ምድሪ፡ ሓደ እዋን ቀላያትን ጥሉል መሬትን ነይሮም ክኸውን ከምዝኽእሉ ሳይንቲስት ሓቢሮም። ንሳቶም ከም ዝገለጹ፡ ኣብ’ቲ ኣብ ሃገረ ቺለ ዝርከብ ምድረበዳ ኣታካማ፡ ተረፍ-መረፍ ኣብ ናይ ባሕሪ ዘይኮነ ማይ ዝነብሩ ኣታኽልቲን እንስሳታትን ተቐቢሩ ድሕሪ ምርካቦም’ዩ።

እቲ ኣብ ምድረበዳ ኣታካማ ከምዝነበረ ገሊጾሞ ዘለዉ ቀላያትን ጥሉል መሬትን፡ ኣብ’ቲ ዞባ ብዘጋጥሙ ዝናብ ዝተፈጥረ ዘይኮነስ፡ ቅድሚ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዓመታት ኣብ ልዕሊ ኸቦታት ኣንደስ (ሰሜን ኣመሪካ) ዘጋጠመ ኣዝዩ ብዙሕ ዝናብ ናብ ጎላጉል ምድረበዳ ኣታካማ ውሒዙ ዝተኣከበ ክኸውን ከምዝኽእል እቶም ሳይንቲስት ግምቶም ሂቦም ኣለዉ። ብመሰረት ሓበሬታ እቶም ሳይንቲስት፡ እቲ ኣብ ህርኑማ ጎላጉል ቺለ ከምዝነበረ ዝገለጽዎ ቀላያትን ጥሉል መሬትን ቅድሚ ኣብ መንጎ ካብ 9 ሽሕ ክሳብ 17 ሽሕ ዓመት ዝነበረ እዩ። እቲ ርኽበት፡ እቲ ዞባ ናይ ቀዳሞት ሂወታውያን መቓምጦ ወይ ሰፈር ነይሩ ክኸውን ከምዝኽእል ዝእምት ምዃኑ እቶም ሳይንቲስት ይሕብሩ።

ኣብ ምድረበዳ ኣታካማ ዘሎ እምባረመጠን ትሑት ኩነታት ጠሊ፡ ኣስታት 2.5 ሚልዮን ዓመታት ኣቑጺሩ ዘሎ ምዃኑ’ዩ ዝገለጹ። ኣብቲ ከባቢ ዝቐመጡ ዝነበሩ ጥንታውያን ሰባት ድማ፡ ብሰንኪ እቲ ቀላያት ምንጻፉን ምድረበዳ እናተቐየረ ምምጽኡን ናብ ካልእ ክፋል ናይ ዓለም ሳጊሞም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ተመራመርቲ ይግምቱ።



## ዛንታ

# ፈታዊ ከልቢ

ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

ታሻዋይ ክፋል፦

ብርሃ፡ ኣብ ቀጽሪ እቲ ካንሸሎ ምስ ኣተወ ፍርሒ ተሰመዖ። ኣቤል ዓርኩ ግን ክፈልጦ ኣይደለየን። ኣቤል ዝኾነ ስምዒት ኣይተሰመዖን።

ንቐጽሪ እቲ ሕክምና ብዓይኑ ፈተሸዎ። ኣብ ጸጋሞም ኣብ ረተ ዝኣተዋ ክልተ ናይ እስታላ ኩቡቲ ርኣዩ። ኣብ ጸጋሞም ከኣ ናይ ኣኽሳብት መኻዘኒ ዝኾውን ብሓጺን ዝተሰርሐ ረተ ርኣዩ። ኣብ ተምሳጥ እንክለዉ ቀበሶ ዝገበሩ ዕድመ ዝደፍኡ ኣቦ ርእዮም ናብኦም ገጾም ቀረቡ። ኣብ ጥቓኦም ምስ ቀረቡ እቶም ኣቦ፡

"ደቀይ ብሩኻት እንታይ ደሊኹም?" ክምስ ብምባል ብፍናይ ኣጦት ቃና ሓተቶምም።

"ከልቢ ከኽትብ ደሊና፡" ኣቤል መለሰሎም። ኣቤል ንባዕሉ ንፈለማ ግዜ እዩ ኣብዚ ሕክምና መጺኡ።

"ጸቡቕ ኣብቲኣ ትርእይዋ ዘለኹም ቤት ጽሕፈት ኬድኩም ተመዝገቡ፡" ቢታ ሓዞምዋ ዝበሩ በትሪ ናብቲ ተር ኣለን ዝበራ ገዛውቲ ኣመልከቱ።

"የቐንየልና ኣቦይ፡" ብርሃ ፍኹስ ኢሉዎ መለሰሎም።

ክልቲኦም ተተሓሒዞም ናብቲ ዝተባህልዎ ቤት ጽሕፈት ሰገሙ። ኣብታ ቤት ጽሕፈት ምስ በጽሑ፣ ብርሃ ከልቡ ሓዚሉ ናብ ወሽጢ እታ ቤት ጽሕፈት ኣተወ።

ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ዝበረት ወይዘሮ ግልጽ ብምባል፡ "ከመይ ሓዲርካ?" ሰላምታ ለገሰትሉ።

"እግዚኣብሄር ይመስገን፡" ኣቤል ኑቲ ፍልይ ዝበለ ሕብሪ ዝበሮ ዓይና እናጠመተ መለሰ። ሕብሪ ዓይና ፍሉይን ንኽትርእዮ ደስ ዘብልን እዩ። ቀጺሉ፡ "እዚ ከልቢ ክኽትቦ መጺአ" ብርሃ መምጽኢኡ ሓበራ።

"ሕራይ ጽቡቕ እንታይ ድኣ ዓቢይቲ ኣሕዋት ወይ ስድራ የለዉን ደዮም?" ክምስ ብምባል ሓተተቶ።

ብርሃ፡ ንኢሰኻ ብምባል ከይትኣብዮ እናፈርሀ፡ "ጥብ ስራሕ እዮም፡ ማማ ድማ ገይሻ። ካልኦት ኣሕዋተይ ድማ የለዉን፡" ብፍርሒ ዓይኒ ዓይና እናጠመተ መለሰ።

"ድሓን ጸገም የለን። ንሕና እንደልዮ ንእንስሳታት ተኸናኺኑ ዝሕዝ እዩ" ብምባል ክምስ በለቶ።

ብርሃ ሕጉስ በለ።

"ሕጂ መለለዩ ስድራ፣ ገንዘብ ከኣ ዝኸፈል ኣለካ። ተማሊእካ ዲኻ?" ብፍሕሹው ገጽ ተዛረበቶ።

"እወ ተማሊአ ኣለኹ" ኑቲ ኣብ ኢዱ ሒዝዎ ዝበረ ገንዘብን መለለዩ ወረቐትን ኣቕበላ።

እታ ወይዘሮ ኑቲ ዝሃባ ተቐቢላ ኣብ ዓቢ መመዝገቢ ክትምዝግቦ ጀመረት።

ብርሃ ኩርኩሩ ሓቝፉ ኑቲ ኣብ መንደቕ ዝበረ ኣሳእል ክዕዘብ ጀመረ። ዝበዝሐ ኣብቲ መንደቕ ዝበረ ኣሳእል ናይ ኣኽሳብቲ ኣሳእል እዩ። ኣብ ትዕዝብቲ እንከሎ፡

"እዚኣ ረሲትካ፣ እዚኣ ድማ ካርድ ናይ ከልብኻ እያ። ልክዕ ኣብ ዓመቱ መጺእካ ከተኽትቦ ኣለካ። ዝኾነ ሕማም ምስ



እትርእየሉ መጺኻ ከተሐክሞ ይግባእካ" ብምባል ቅብሊት፣ ካርድን መለለዪ ስድራን ኣቐበለቶ።

ንብርሃ ምስ ኣቐበለቶ፡ ካብቲ ዝበረቶ ሓፍ ብምባል መሪሓቶ ካብቲ ቤት ጽሕፈት ወጽኡት። ኣብ ኣፍደገ እቲ ቤት ጽሕፈት ኮይና ድማ፡

"ዓንደማስቀል እዚ ቁልዓ ናባኻ እዩ" ብምባል ኑቲ ላም ዝኸትብ ዝበረ ሓጺር ጸጉሪ ዘለዎ መንእሰይ ተዓጸቶ።

ኣብ ስራሕ ዝበረ ኣቶ ዓንደማስቀል፡ ንሓንቲ ጸዕዳን ጸለምን ዝሕብራ ላም መርፍእ እናወግኡ።

"ሕራይ ወዲኣ'የ፡ መጺአኩ" ብምባል መለሰ። ደሮ ኑታ ላም መርፍእ ወጊኡዋ ስለዝበረ፣ ኑቲ እስትሪንጋ ኣብ እንዳ ጉሓፍ ኣቐሚጡ፣ ናብ ብርሃ ገጹ ቀረበ።

ኣቶ ዓንደማስቀል ኣብ ጥቓ ብርሃ ምስ በጽሐ፡ "ዝኽተብ ደዩ ሓቀይ?" ብምባል ሓተቶ።

"እወ ዝኽተብ እዩ" ብርሃ መለሰ ኑቲ ሓከም ተኸዲንዎ ዝበረ ከምፕላዮን ጸቡቕ ገይሩ እናጠመተ።

ኣቶ ዓንደማስቀል፡ "ሕራይ በል መጺእኩ" እናተዛረበ ኣብ ጉድኒ እታ ጸሓፊት ዝበረት ገዛ ኣተወ። ድሕሪ ገለ ካልኢታት መርፍእ ሓዚ ተመልሰ።

"ሕራይ ጸቡቕ ቁልዓ፡ ስመይ ኣቶ ዓንደማስቀል እበሃል" ንብርሃ ዓይኒ ዓይኑ እናጠመተ ተላለዮ።

"ኣነ ድማ ብርሃ እበሃል። እዚ ዓርከይ ድማ ኣቤል ይበሃል፣ እዚ ከልብና ድማ ጃክ ይበሃል።" ኣቶ ዓንደማስቀል ፍኹስ ስለዝበሎ ከይተሰከፈ ተዛረበ።

"ሕራይ ጸቡቕ፡ በል ኣትርር ኣብልካ ሕቘፎ'ሞ ኣብ ሕቀፎኻ እንክሎ ክኽትቦ" መርፍኡ ኣዋደደ። መርፍኡ ድሕሪ ምቕራብ ንጃክ ኣብ ከብዲ ክሳዱ ክፍትሾ ጀመረ።

ብርሃ ከም'ኡተባህሎ ንጃክ ኣጥቢቑ ሓዞ።

ኣቶ ዓንደማስቀል ንቖርበት ጃክ ስሒቡ ኣብሉ መርፍእ ወግኦ።

ጃክ ዝኾነ ድምጺ ኣይገበረን።

ብርሃ ካብ ትጽቢቱ ወጻኢ ስለዝበረ ብምግራም ክምስ በለ።

"በል ወዲአ ኣለኹ፡ ብርሃ ኢልካዮ ሓቀይ፡"

ብርሃ ርእሱ ነቕነቐ።

"እዚ ከልብኻ ጸቡቕ ኣሎ። ተኸናኸኖ። ከልቢ እሙን እንስሳ እዩ። ልክዕ ከም ሓውኻ ወይ ሓብትኻ ገይርካ ድሌታቱ ኣማልኣሉ። ዝኾነ ሓደሽ ጠባይ እንተርኢኻሉ ቀልጢፍካ ናባና ምጻእ። እዚ ስራሕና ኩሉ ግዜ ክፉት እዩ። ካብ ኩሉ ንኣሽቱ ቁልዑ ኣብ ኣኽሳብት ዘለኩም ተገዳስነት ልዑል ስለዝኾነ፡ ግዜኡ ሓሊኻ ኣኽትቦ። ኣብ ገዛውትኹም ዘይተኸትቡ እንተለዉ ድማ ከኽትብዎ ሓብርዎም። ብሩኽ መዓልቲ" ኣቶ ዓንደማስቀል ንጃክ ኣብ ክሳዱ እናደረዘ ክዙበርዮ ዘለዎ መዓዶ።

"ሕራይ ከም'ኡ ክገብር ኢና። የቐንየልና፡" ብርሃ ብዘረባ ኣቶ ዓንደማስቀል ተሓጒሱ ካብቲ ሕክምና ክወጽእ ተበገሰ።

ኣብ ገጽ ብርሃ ፍጹም ሓጎስ ይንበብ ነበረ።

ኣቤል'ውን ምስ ዓርኩ ከልቢ ከኽትብ ምኽኣሉ ባህታ ፈጠረሉ። ብሓጎስ እናዕለለ ድማ ናብ ገዝኦም ተበገሱ።

ይቕጽል..

## ንኣፍልጦ

### ናውቲ ማሕረስ

ፍቱዋት ተማሃሮ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ እንጥቀምሎም ባህላውያን መሳርሒታት ኣለዉ። እዞም ባህላውያን መሳርሒታት ብሕብረተሰብ ኤርትራ ዝተሰርሑ ኮይኖም፡ ገለ ካብዞም መሳርሒታት ክሳብ ሕጂ ዝቕጽሉ ዘለዉ እዮም። ገለ መሳርሒታት ግን ምስ ምዕባለ ዝተቛረጹ ኣለዉ።


ንሎሚ እምብኣር ብዛዕባ ናውቲ ማሕረስ ክንርኢ ኢና። ነዞም መሳርሒታት ፈሊጥኩም ንኻልኦት ክትነግሩ ተስፋ ንገብር።

ናውቲ ማሕረስ ብሰለስተ ነገራት ይስርሑ። ንኣቶም ድማ ብሀንጨይቲ፡ ብቖርበት (ገመድ)ን ብሓጺን (ኣስራዚ)ን እዮም።

ብሀንጨይቲ ካብ ዝተሰርሑ ገለ ንምጥቃስ፡

ነዊት፡ ኣስታት 2.5 ሜትሮ ዝቕመቱ ኣብ ድሕሪቱ ንዕርፍን ቅርቅርትን ዘእቱ ነኻላት ዘለዎ ጽኑዕ ጉንዲ እዩ።

ኣርዑት፡ ኣብ ግዜ ማሕረስ፡ ብቀራቕሮ ቁሩኡ ኣብ ክሳድ ኣብዑር ዝውዕል ኣብ




ቀዳማይ ሽንኽ ናይ ናውቲ ማሕረስ ዝርከብ ክፋል እዩ።

ብቐርበት ወይ ገመድ ካብ ዝተሰርሑ፦

መእሰር ቀራቕሮ፡ ንኽልተ ጫፋት ናይ ቀራቕሮ ጠሚሩ ዝኣስር ቀጢን ገመድ ወይ ምራን እዩ።

መምረን ንድሕሪት፡ ከም መምረን ንቅድሚት፡ ኣብ ከርፊስ እናተጠንጠኑ ንዕርፊ፡ ማሕረሻ፡ ኣዳጉር፡ ነዊት ጠሚሩ ዝሕዝ ቀጢን ትልታል ቈርበት እዩ።

ብሓጺን ወይ ኣስራዚ ካብ ዝተሰርሑ፦

ከርፊስ፡ ነዊት፡ ዕርፊ፡ ኣዳጉር፡ ማሕረሻ ብመምረን ንድሕሪት እናተጠሳለፈ ጠሚሩ ዝሕዝ ኣብ ንሓድሕዱ ዝተጠሳለፈ ማእከል ሓጺን እዩ።

ማሕረሻ፡ ካብ ሓጺን ወይ ኣስራዚ ዝተሰርሐ፡ ብድሕሪቱ ዕርፊ ዘእቱ ሸኹሮ ዘለዎ ክፋል ናይ ናውቲ ማሕረስ እዩ።


ፍቱዋት ተማሃሮ ብዘይካ እዞም ተጠቒሶም ዘለዉ ክፋላት ናውቲ ማሕረስ ካልኦት ኣብ ስእሊ ተዘርዚሮም ኣለዉ። ኣለሊኹም ብዝያዶኡ ፍለጥዎም።


ምንጪ፡ መጽሓፍ ስርዓት ደያባዘን


## ስእሊ



ዝኸበርኩም ተማሃሮ፡ ከምዚ እትርእዩዎ ዘለኹም ኩርኩር እዩ። ስመይ ጃክ እበሃል። ሓደ ካብ ፍቱዋት እንስሳ ዘቤት እየ። ዝበዝሑ ወለዲ ካንሸሎ ስለዝሕልወሎም ኣዝዮም ይፈትዉኒ። ገለ ግዱሳት መግበይ ብመደብ ይህቡኒ፡ ኑብሰይ ተጠንቂቖም ይሓጽቡኒ። ንስኹም ድማ ብግቡእ ተኸናኸኑኒ። ሃየ በሉ ንሎሚ ብኸመይ ከምዝሰኣል ፍለጡኒ። ደስ ዘበለኩም ሕብሪ ልኸዩኒ። ኣብ ካልእ ወረቐት ድማ ደጊምኩም ፈትኑኒ። ሰናይ ስራሕ!!




## ዋዛ

ሓደ ተማሃራይ፡ ፈተና ካብ ሓሙሽተ ባዶ የምጽእ። መምህር ጸዊዖም ፈተንኡ ኣቐበልዎ። ተማሃራይ ሀየ ፈተና ተቐቢሉ እናሰሓቐ ናብ ሰፈሩ ተበገሰ።

ብምስሓቑ ዝተገረሙ መምህር፡

"ስለዝዕሰኻ ካብ ሓሙሽተ ባዶ ወሲድካስ ትስሕቕ" ብምባል ተገሪሞም ሓተትዎ።

ተማሃራይ፡ "እንታይ ደዩ ማሰልኩም መምህር" ክዛረብ ጀመረ።

መልሲ ተማሃራይ ክሰምዑ ዝደለዩ መምህር፡ "እንታይ እዩ ንሱ፡" ክብሉ ሓተትዎ።

ተማሃራይ፡ "ባዶ ስሚደዮ ስለዝኾንኩ ኣይሰንበድኩን" ብምባል ከይሓፈረ ተዛረበ።

መምህር ዝዛረብዎ ጠፊእዎም ቀው ኢሎም ጠመትዎ።

ሰለሀም ፍትሓዊ (ኣስመራ)

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ዳኒኤል ገብረየሱስ ገብረትንሳኤ ምግል ተሪፉ፣ ዳንኤል ገብረትንሳኤ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፃ6/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወረ/ፍ እምባፍራሽ ገብረሂወት መተሓ ወ/ሮ ኣበባ ገብረሚካኤል ኣርኣያ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ተወልደ ገብረጊየርጊስን ወረ/ፍ እምባፍራሽ ገብረሂወት ነ/ፍ ሚከኤል ተወልደ ገብረጊየርጊስ ዝኾንኩም ፊሩዝ ሚከኤል ተወልዩ፡ ንያት ሚከኤል ተወልዩ፡ ዘርእሰናይ ሚከኤል ተወልዩ፡ ናትናኤል ሚከኤል ተወልደ ከምኡ'ውን ወረ/ፍ እምባፍራሽ ገብረሂወት፡ ወ/ሮ ፍረወይኒ መብራህቱ፡ ወረ/ፍ ተወልደ ገብረጊየርጊስ ዝኾኑ ወ/ሮ ፍረወይኒ መብራህቱ ኑቲ ኣብ ምም/ን/ዞ/ገጀረት ከባቢ ማይ ወላኹ ዝርከብ ንብረት ንምቅሊት ወርሲ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ን28/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ጉት ዘርእሰናይ ደበሳይ ምግል ተሪፉ፣ ጉት ዘርእሰናይ ደባስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ኣቶ መድሃኔ ኣብርሃምን ወ/ሮ ሰላም ጸጋይን፡ ስም ጓልና ደሴት መድሃኔ ምግል ተሪፉ፣ ኣድያም መድሃኔ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

መሓመድረጃ ኢብራሂም ኣሕመድ ወከል ዓብደልቃድር ሰራጅ ሙሳ፡ መሓመድረጃ ኢብራሂም ኣሕመድ ምግል ተሪፉ፣ ረጃ ኢብራሂም ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ፡፡

ተኽልኣብ ሓይልኣብ ገብርኤል ምግል ተሪፉ፣ ተኽልኣብ ሓይልኣብ ገብርሄት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤደን ተከኤ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ጸገረዳ ተከኤ፡ ንውክልና ምስረዝ ዝምልከት ፋይል ተኸፊቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

የናስ ካሕሳይ ኪዳኔ ተጸዋዒ ኣቶ ተወልደ ካሕሳይ ኪዳነ ናይ ወክልና ምስረዝ ፋይል ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን26/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኤፍሬም ፍስሃየ ተስፉይ፡ ስም ኣደይ ፋና ኪዳነ ገብረስላሴ ምግል ተሪፉ፣ ኣበባ ሃይለሚካኤል ብኢዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፓራዲዞ

ወ/ሮ ሃገራዊት ተስፋሂወት፡ በዓል-ቤተይ ጸጋየ ሃብተጸየን ፍስሓጸየን ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣቶ ኣብርሃም ገብረማርያም እምሆ፡ ኣቦይ ገብረማርያም እምሆ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ደቂ መወትቲ ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣኽበረት መብራህቶም ተኪ፡ ሓፍተይ ለምለም መብራህቶም ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ሂብል ዳዊት ሰዩም፡ ኣቦይ ዳዊት ሰዩም ንርእየ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ወረ/ፍ ሩት ኑርያ መሓመድ ሼኽ ፈረጅ ወዳ ኣቶ ኣደም መሓመድ ማሕመድ፡ ተኸሳሲት ወረ/ፍ መርየም ዓብደላ ጓሉ ለሊ ዓብደላ ኣሕመድ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ዓንደብርሃን በርሀ ተስፋይ፡ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣልማዝ ዘውደ ማለስ ስለዝዐረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ወ/ሮ የዲት በርሀ ገብረሚካኤል፡ ኣደይ ህድኣት ገብረመድህን ኣፈወርቂ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መሓሪ ሃይለ መሃዝዮ፡ በዓልቲ ቤተይ ትብለጽ ሚካኤል ካሕሰ ስለዝተሰወአት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቃ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ቁሸት

ከሳሲት ወ/ሮ የርሳሌም ሳምሶም ኣማረ ተኸሳሲ ኣቶ ዑቕባጋብር ገብረትንሳኤ ዑቕባጋብር ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ለምለም መልኣከ ሃይለ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኣሌክሳንደር መሓሪ ተኽለ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ኣመተጼን ገብረሂወት ዓፉም፡ በዓል-ቤተይ ቀሺ ሃይለ ገብሩ ሃይለ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ዕዳጋ

ወ/ሮ ንግስቲ ኣሰፍሃ ሃይሉ፣ በዓል-ቤተይ ደበሳይ ተኽልዝጊ ባህታ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቀይ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ኣፈወርቂ ተኽሉ ተኸሳሲ ክፍለ ገርንሴ መርሀ፡ በዓልቲ-ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ናጽነት ተስፋየወሃንስ ለገሰ ምግል ተሪፉ፣ ናጽነት ተስፋሃንስ ለገሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ የዲት የውሃንስ ዑቕቡ ተኸሳሲ ኣቶ ተኽለሃይማኖት ካሕሳይ ሞኣዝጊ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ሂወት ወ/ሚካኤል መድህን፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ የሃንስ ገ/ሚካኤል ተኽለ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከባቢ 02 ባጽዕ

ኣቶ ሰራጅ መሓመድ ኢብራሂም፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ኣምና ዓሊ፡ ንናይ ክራይ ገዛ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ኣቶ ዑቕባሚካኤል ዘርኣይ ቀላቲ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሕድሪይ ኣብርሃ ተኽለ ብዘዐባ ትሕቲ ዕድመ ደቅኻ 1.ኣርሴማ ሕድሪይ ኣብርሃ 2.የኤል ሕድሪይ ኣብርሃ ብዜተ ዘመድ ሽማግለታት ንኣቶ ዑቕባሚካኤል ዘርኣይ ቀላቲ ዝተዋህበ ናይ ሞግዚት ሽመት ይጽደቐለይ ስለዝበለ፡ ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡



## ምስጋና

ብሞት ኣዝዩ ዘፍቅሮ ክቡር በዓል ቤተይ የማነ ማስፍን (ወዲ ብሮ) ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ስነስርዓት ቀብሩ ኣብ ደብርዋ እንዳ ማርያም ተረኺብኩም ሓመድ ኣዳም ዘልበስኩም፡ ክቡራት ተቐማጦ ጀርመን ብፍላይ ተቐማጦ ከተማ ካልስሩ (KARLSRUHE)፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ተኻፊልኩም ሓዘንና ዝኾንኩም ከምኡ'ውን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብተለፎን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልዑል ምስጋናና ነቕርብ፡፡

በዓልቲ ቤቱ ሳምራዊት ጸጋይ ደቁ ኣሮንን ኣዶናይን ስድራ ቤት ነ/ሄር ብሉታ ማስፍን ዑ/ገብርኤል



## ምስጋና

ብዘይደብታዊ ሞት ዘፍቅሮ ክቡር በ/ቤተይ ሙልጌታ ሓደሽ ገ/ኣድሓነ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ስዑዲ ዓረብ ሪያድ ሬሳ ዝለኣኽኩምልና፡ ኣብ ኣስመራ ኤርፖርት ተቐቢልኩም ክሳብ ሸከቲ ብምፍናድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወጻኢ ብቴለፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

በ/ቤቱ ኣልማዝ ኣርኣያ
ምስ ደቁን ኣሕዋቱን ምሉኣት ስድራ ቤትን



## ምስጋና

ብምኽንያት ሞት ኣዚና እነፍቅራ ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ቅዱሳን ገርግሽ ሓጎስ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ስነስርዓት ቀብራ ክሳብ ደቀጹንዓ ኬድኩም ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩምን ካብ ወጻኢ ብቴለፎን ዘጸናናዕኩምናን፡ ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ደቃ፡- ንግስቲ፡ ሃይሉ፡ እዮብ፡ የውሃንስ፡ ኣድማዒ፡
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ትካልና ኣላስካ ሆቴል ኣብ ትካልና ሰራሕተኛ ናይ ፒሳ (ፒሰርያ) ከምኡ'ውን ሰራሒ ፓስተ ኺ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶ ዘሎ ቅጥዕታት ዘማልአ ኣውዳዲሩ ክቖጸር ስለዝደለየ ማለት፤
1. ናይ 3+ ዓመት ተመኩሮ ስራሕ ዘለዎ፡፡
2. ትሕቲ 50 ዓመት ዝዕድሜኡ
3. ጾታ ዘይፈሊ
4. ደሞዝ 2000 ናቕፋ
ምዃኑ፡ እናሓበርና ኺ ዘማልአ ብቁ.ቴሌ 151419/151610 ከምኡ'ውን 07114797
ክድውሉ፡ ወይ ድማ ብቁ.ፖ.ሳ 2481 ክልእኩልና ይኽእሉ፡፡

ኣላስካ ሆቴል

ኣመልካቲ ኣቶ መሓሪ ደስታ ባህታ፡ ብስም ወ/ሮ ጸገ ገብረሂወት ገብረስላሴ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ጸጸራት ብዚፕ ኮድ 1A184 ፓርሰል ASP000488891 ዝፍለጥ ገዛ፡ ብቤት-ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዩ ቁ.ገዛ ASD000043722 ስፍሓት መሬት 137 ት/ሜ፡ ብዘሒ ቀንዲ ክፍልታት ሰለስተ፡ ሓደ ክሽነ ምስ 1ዓይኒ ምድሪ ስለዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሰድ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ኣቶ መሓሪ ደስታ ባህታ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ የርዳኖስ ዳዊት ማና፡ በዓል-ቤተይ ስመረ ሃይለ ጉብረማስቀል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸጸራት

ወ/ሮ ምብራቕ ጉብረየናስ ወልደስላሴ፡ ብወኪላ ወ/ሮ ጸገሬዳ ዙርያስ ኣብርሃ ኣቢሉ፡ ኣደይ ወርቅሳገድ ሻረው ሃብቱወሰን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ቁሸት

ኣቶ ቢንያም ኪዳነ ደባስ፡ ዓፀይ ጅርም ተኽሉም ኣውዓሉም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ንኣቦይ ነ/ሄር ኪዳነ ደባስ ተኪኤ ምስ 1 ሓወቦይ ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቂ ሽሓይ

ቀሺ. ፍስሃየ ጉብሳ ዓይላይ፡ ሓፍትና ኣመታይ ጉብሳ ዓይላይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ፊልሞን መሓሪ ኣርኣያ ምግል ተረፉ፡ ሄርሞን መሓሪ ኣርኣያ ተባዚሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓደልገስ

ሃሊቃ ክብሮም ተኽለ ሰመረን ወ/ሮ ምንያ ጉብረማርያም ጉብርኣብን፡ ጓልና ሰናይት ክብሮም ተኽለ ስለዝተሰውኣት፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብሉ፡ ንሕና ወለዳ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ሓሊማ ስሌማን ሓሰን፡ በዓልቤተይ በኪት ዓሊ መሓመድ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣይትዓብር

ወ/ሮ ግዕሞጃ ሰለሙን ኪዳኑ፡ በዓልቤተይ የማነኣብ ነጋሽ ተስፋይ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም

ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓሰቡይ

ዓሰብ

ወ/ሮ ሳባ በየን ይማነኑ፡ ኣቦና በየን ይማነን ስለዝዓረፈ፡ በዓልቲ ቤቱ ለተርፍኤል ሰረቐ ናይ መጸምዲ ማሳለ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ደማ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ERITREA
## Specific Procurement Notice
## Invitation for Bids [IFB] Goods
## (One-Envelope Bidding Process)

IFB Number: PMU/SSDEE/ADF/OCBI/G/002/2023
Purchaser: Project Management Unit of Ministry of Education (PMU-MoE)
Project: Support to Skills Development for Employability and Entrepreneurship (SSDEE) Project
Contract title: Supply, Delivery, Installation, Commissioning and Training of Workshop Equipment, Tools and Supplies for the Refrigeration and Air Conditioning Workshop (ACR) for Asmara, Dekemhare and Maihabar Technical Schools.
Loan No. / Grant No.: Loan number 2100150032843 & Grant no 210015029467
Procurement Method: Open Competitive Bidding (International) (OCBI)
OCBI Reference No: SSDEE/ADF/G/OCBI/002/2023
Issued on: May 27, 2023

1. The Government of the state of Eritrea has received financing from the African development Bank hereinafter called the Bank towards the cost of the Support to Skills Development for Employability and Entrepreneurship (SSDEE) Project and intends to apply part of the proceeds toward payments under the contract for Supply, Delivery Installation, Commissioning and Training of Workshop Equipment Tools and Supplies for the Refrigeration and Air Conditioning Workshop (ACR) for Asmara, Dekemhare and Maihabar Technical Schools. The Borrower shall process the payments using the Direct Payment disbursement method, as defined in the Bank's Disbursement Guidelines and procedures for Investment Project Financing.

2. The Project Management Unit of Ministry of Education (PMU-MoE) now invites sealed Bids from eligible Bidders for Supply, Delivery, Installation, Commissioning and Training Equipment, Tools and Supplies for Refrigeration and Air Conditioning Workshop (ACR) Shops for Asmara, Dekemhare and Mai-Habar Technical Schools.

3. Bidding will be conducted through the Open Competitive Bidding (International), (OCBI) method as specified in the African Development Bank's Procurement Policy for Bank Group Funded Operations, dated October 2015, which is available on the Bank's website at www.afdb.org and is open to all eligible bidders as defined in the Procurement Framework.

4. Interested eligible Bidders may obtain further information from the Project Management Unit of Ministry of Education (PMU-MoE), Mr. Mebrahtu Gilagaber, General Manager (mgilagaber2019@gmail.com) and/or Mr. Yosief Tekeste, Procurement Manager (yosieftekeste90@gmail.com) and can collect the bidding document during office hours Monday-Friday i.e. 7:30 to 13:00 hrs. At the address given below.

5. The bidding document in English language may be received by interested eligible Bidders upon the submission of a written application with company headed paper signed and sealed to the address below.

6. Bids must be delivered to the address below on or before 10:00 a.m. Local time on Thursday 27 July 2023. Electronic Bidding will not be permitted. Late Bids will be rejected. Bids will be publicly opened in the presence of the Bidders' designated representatives and anyone who chooses to attend at the address below 10:00 a.m. Local time on Thursday 27 July 2023

7. All Bids must be accompanied by a Bid Security of USD 35,000.00 (Thirty-Five Thousand USD or equivalent.)

8. "Attention is drawn to the Procurement Framework requiring the Borrower to disclose information on the successful bidder's beneficial ownership, as part of the Contract Award Notice, using the Beneficial Ownership Disclosure Form as included in the bidding document."

9. The address (es) referred to above is (are):
Project Management Unit of Ministry of Education (PMU – MOE)
Attention: Mr. Mebrahtu Gilagaber, General Manager of PMU-MOE and/or
Mr. Yosief Tekeste, Procurement Manager of PMU-MOE
Street Address: Hday Street No:. 748-1, Floor/Room number: Dembe Sembel, Block "A" First Floor, ZIP Code: 748-1, Asmara, Eritrea
Telephone numbers:. 00291-1-151614/ 002917218050/ 002917262014
Facsimile number: 00291-1-152181
Emails: mgilagaber2019@gmail.com and/or yosieftekeste90@gmail.com

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ደንደን Vs ቀይሕ ባሕሪ

ብምኽንያት ግጥማት ዋንጫ ናጽነት ተቛሪጹ ዝጸንሐ ሻምፕዮን ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ጸባሕ ሰንበት 4 ሰነ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ኣልታሕረር ፡ ኣዱሊስ ምስ ማይተመናይ፡ ደንደን ድማ ምስ ቀይሕባሕሪ ብዝካየደኦ ውድድር ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ቀጺሉ ክውዕል'ዩ።

ጋንታታት ሱፐር ዲቪዝን 'ኤ' ዞባ ማእከል ኣቐዲመን ብዝተኻየደኦ ጸወታታት፣ ቀይሕ ባሕሪ 13፡ ደንደን 13፡ ኣስመራ በራ 11፡ ኣልታሕረር 10፡ ሰገን 10፡ ዕዳጋ ሓሙስ 5፡ ሰምበል 5፡ ማይተመናይ 4፡ ኣዱሊስ 3፡ ቲራቮሎ ከኣ 1 ነጥቢ እየን ኣዋህሊለን ዘለዋ። ኣብዚ እዋን ኩለን ጋንታታት ደረጃታተን ንምምሕያሽ ኣብ ከቢድ ልምምድ ተጸሚደን ከም ዝቕንያ'ዩ ዝግለጽ።

ጸባሕ ሰንበት ካብ ዝካየዱ ግጥማት እቲ ዝለዓለ ኣተኩሮ ተዋሂብዎ ዘሎ፡ ዓብይቲ ጋንታታት ቀይሕ ባሕርን ደንደንን ዝካየድኦ ጸወታ'ዩ። ደንደን ኣብዚ ዓመት ኣቐዲማ ዋንጫ መበል 32 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ብምዕታራ ካብ ቀይሕ ባሕሪ ዝያዳ ጾብለል ኢላ ትርከብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ሻምፕዮን ግጥማት፡ ደንደን ምስ ኩብንያ ሰምባል ቀይሕ ባሕሪ ከኣ ምስ ኣስመራ በራ ማዕረ ብምፍልላየን ነጥቢ ከጥፈኣ ተገዲደን እየን። ኣብዚ ናይ ጸባሕ ሰንበት ጸወታ፡ እዘን ክልተ ጋንታታት ማዕረ ነጥቢ ሒዘን ይኣትዋ ብምህላወን፡ መሪሕነት ንምሓዝ ሓያል ጥምጥም ክካየዳ ኾነ ብኣግኡ ተገሚቱ ኣሎ።



ደንደን ሎሚ ዓመት ብበሉጻት ተጻወትቲ ተደሪጃ'ያ ውድድራ ተካይድ ዘላ። ኑቲ ዝሓለፈ ዓመት ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሽቶ ዝተባህለ ሮሜል ዓብዱ ካብ ኣልታሕረር ከም ዘምጽኣቶ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ንበሉጽ ኣከፋፋሊ ቀይሕ ባሕሪ ናህም ታደሰ እውን ናብ መሳርዓ ከም ዝጸንበር ገይራቶ እያ። ኣከፋፋሊ ኣዱሊስ ዝነበረ ሳልሕ ስዑድ እውን ሎሚ ዓመት ናብዛ ጋንታ ካብ ዝተጸንበሩ ተጻወትቲ'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ሎሚ ዓመት ድሮ ሓንቲ ዋንጫ ከም እትዓትር ገይሩዋ ዘሎ ኣሰልጣኒኣ ሳምሶም ሃብተማርያም፡ ዝሓለፈ ዓመት ከም ምክትል ኣሰልጣኒ ቀይሕ ባሕሪ ኮይኑ ድሕሪ ምስርሑ'ያ ናብ ሕቑፊኣ ኣምጺኣቶ። ቀይሕባሕሪ፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ መስመር ምክፍፋል ዓቢ ኣበርክቶ ዝነበሮ ናህም ታደሰ ውዕሉ ወዲኡ ናብ ደንደን ብምኻዱ፡ ኣብዚ መስመር ከይተሓለየት ኣይተረፈትን። ናህም ጸባሕ ሰማቡት ኣንጻር ናይ ቀደም ጋንትኡ እዩ ክጻጥም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ውድድራት ሻምፕዮን ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሎሚ ቀዳም 3 ሰነ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ኣትሓዚ ጉዳይፍ ምስ በርኸ፡ ኩብንያ ሰገን ምስ ሰምበል፡ ደንደን ከኣ ምስ ኢንሹራንስ ብዝካየድኦ ጸወታታት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክቕጽል ምኻኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ። ኣብ'ዚ ዕለት፡ ደንደንን ኢንሹራንስን ዘካይድኦ ጸወታ ዝለዓለ ኣተኩሮ ተዋሂብዎ ኣሎ። ብምኽንያት መበል 32 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ኢንሹራንስ ንደንደን (ናይ ደቂ ኣንስትዮ) ብምርታዕ ዋንጫ ዓተራ ምንባራ ኣይርሳዕን። ስለዚ፡ ሎሚ ቀዳም ተጻወትቲ ደንደን ነቲ ስዕረት ንምድባስ ሓያል ጸዕሪ ክካይዳ ምኻነን ፍሉጥ'ዩ።

## መሲ ናይ መወዳእታ ጸወታኡ የካይድ



ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለም ኣርጀንቲናዊ ሊዮኔል መሲ፡ ካብ ፒኤስጂ ክወጽእ ምኻኑ ኣሰልጣኒ እታ ጋንታ ክሪስቶፍ ጋልቲር ብወግዒ ኣፍሊጡ። ወዲ 35 ዓመት ሊዮኔል መሲ ኣብ 2021 ብናጻ መሰርሕ ምስግጋር ካብ ባርሰሎና ናብ ፒኤስጂ ምስ መጽአ ነታ ጋንታ ክልተ ናይ ሊግ 'ኣ' ፈረንሳ ዋናጩ ከዕትራ ከም ዝኸኣለ ይፍለጥ። ኣሰልጣኒ ፒኤስጂ ክሪስቶፍ ጋልቲር፡ እዚ ብሉጽ ተጻዋታይ ሎሚ ቀዳም ኣንጻር ክለርሞንት ድሕሪ ምጽዋቱ ደጊሙ ማልያ ፒኤስጂ ወድዩ ኣብ ሜዳ ከም ዘይረኣ'ዩ ሓቢሩ ዘሎ። ጋልቲር ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኑቲ ዝበለጸ ተጻዋታይ ዓለም ምስልጣኑይ ሓበን ይስመዓኒ። እዛ ናይ ሎሚ ግጥም ናይ ፓርክ ደስ ፕሪንስስ ናይ መወዳእታ ጸወታኡ እያ። ተሰፋ እገብር ከኣ ደገፍቲ ናይዛ ጋንታ ጸቡቕ ናይ ምፍናው ስርዓት ክገብሩሉ" ክብል ተዛሪቡ ኣሎ። ደገፍቲ ፒኤስጂ፡ መሲ ኣብ ዝርከቦም ኣብ ልዕሊ ገለ ገለ ተጻወትቲ'ታ ጋንታ ዘለዋታት ከውርዱ ከም ዝጸንሑ ይፍለጥ። ዝሓለፈ ወርሒ'ውን እታ ጋንታ ኣብ መንበሪ ቤት መሲ፡ ነይማር፡ ማርኮ ቫራቲን ኣሰልጣኒ ጋልቲርን ፍሉይ ሓለዋ ከም ዘዋፈረት ኣይርሳዕን። ፒኤስጂ ብሎሬንት ድሕሪ ምስዓራ፡ መሲ ብዘይፍቓድ ጋንታኡ ናብ ስዑዲ ዓረብ ብምኻዱ እቲ ኩነታት መለሱ ኑዩዲ ክውሰኽ ከም ዝኸኣለ'ዩ ዝሕበር። ማልያ ፒኤስጂ ወድዩ ኣብ ዝተጻወተለን 74 ግጥማት 32 ሸቶታት ዘመዝገበ ሊዮኔል መሲ፡ ሎሚ ዓመት 21 ሸቶታትን 20 ሸቶ ዝኾና ኩዕሶታትን ነታ ጋንታ ከም ዘበርከተላ ሰነዳት የረድኡ። ንዛገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ወከሉ ዋንጫ ዓለም 2022 ዘልዓለ መሲ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን መጻኢኡ ክፍለጥ ምኻኑ ይንገር። እቲ ተጻዋታይ ናብታ ን21 ዓመት ዝተጻወተላ ባርሰሎና ከም ዘይምለስ ግን ቀረብቱ ይሕብሩ ኣለዉ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ንዊሕ ዓመታት መቐናቕንቲ መሲ ዝነበረ ፖርቱጋላዊ ክርስቲያኖ ሮናልዶ፡ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ሓሙሽተ ሊጋት ናይ ዓለም ከም ዝኾኑ ኣፍሊጡ። እዚ ሓሙሽተ ግዜ ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለም ዝዓተረ ፖርቱጋላዊ፡ ሊዮኔል መሲ፡ ካሪም በንዘማ፡ ሉካ ሞድሪችን ምስ ዝተፈላለዩ ስዑዳውያን ክለባት ክጽንበሩ ይኽእሉ'የም ኣብ ዝዘለሉ ዘሎ ግዜ'ዩ ከምዚ ዓይነት መግለጺ ዝሀበ ዘሎ። ዝሓለፈ ዓመት ናብ ስዑዲ ዓረብ ዝመጽአ ሮናልዶ፡ ክሳብ 2025 ምስ ኣል ነስር ክጸንሐ ዝኽእል ውዕል'ዩ ዘለዎ። ኣብ ሓሙሽተ ግጥማት ዋንጫ ዓለም ሸቶ ዘመዝገበ ናይ መጀመርያ ተጻዋታይ ዝኾነ ሮናልዶ፡ ማልያ እዛ ስዑዳዊት ክለብ ወድዩ ኣብ ዝተጻወተለን 16 ጸወታታት 14 ሸቶታት ከመዝግብ ከም ዝኸኣለ ይፍለጥ። ክለብ ኣል ነስር፡ ኣብዚ ዓመት ስፖርት ኣብ ሊግ ስዑዲ ዓረብ፡ ድሕሪ ክለብ ኣል ሂላል ካልኣይ ተርታ ሒዛ'ያ ውድድራ ፈጺማ።

## ሃላንድ፡ ስሉሳዊ ዓወት ናትና እዩ

ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሽቶ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኖርወያዊ ኤርሊን ሃላንድ፡ ጋንታኡ ኣብዚ ዓመት ስሉሳዊ ዓወት ሒዛ ውድድራ ክትፍጽም ኩሉ ዝከኣሎ ከም ዝገብር ኣፍሊጡ። ናይዚ ዓመት ስፖርት ዘውዲ ሻምፕዮን ክለባት ፕሪመር ሊግ ዝደፈኣት ሲቲ፡ ሎሚ ቀዳም ኣንጻር ማንቸስተር ዩናይትድ ናይ ኤፍ ኤ ካፕ ናይ ፍጻመ ጸወታ ንምኺያድ ምድላዋታ ኣጻፊፋትሉ ኣብ ዘላ እዋን'ዩ ሃላንድ ከምዚ ዓይነት መግለጺ ዝሀበ ዘሎ። እዛ ጋንታ ዝመጽእ 10 ሰነ'ውን ኣንጻር ኢንተር ሚላን ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ ይጸብያ ኣሎ። በዚ'ዩ እዚ ወዲ 22 ዓመት ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ጋንታኡ ሰለስተ ዋናጩ ንኽትወስድ ድሉው ከም ዘሎ ዝሕብር ዘሎ። ሃላንድ፡ ጋንትኡ ካብ ዶርቱሞንድ ክትዕድጎ ዝወሰነትሉ ቀንዲ ምኽንያት ነዚ ታሪኻዊ ክብሪ ንምርካብ ምኻኑ'ውን ኣፍሊጡ ኣሎ። "196 ሰንቲሜትር ቁመትን ብዮጊ ጸጉሪ ርእሲን ኣለኹ። ሰቡት ድማ ኣብዚ ግጥም ክርእዩኒ እዮም" ክብል'ዩ ሃላንድ ምስ መርበብ ሓበሬታ ስፖርት በበሲ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕተት ተዛሪቡ ዘሎ። ሃላንድ ናብ ሲቲ ድሕሪ ምጽንባሩ ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ ድንቂ ብቕዓቱ ዘርኣየ ተጻዋታይ'ዩ። ንሱ ኣብ ሓደ ወቕቲ ኣብ ፕሪመር ሊግ ብዘመዝገቦ ሸቶታት ሓድሽ ክብረወሰን ክሕዝ ከሎ፡ ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ ከምኡ'ውን ሽልማት ብሉጽ መንእሰይ ተጻዋታይ እቲ ሊግ ከም ዝወሰደ ይፍለጥ። ብዘይካ ሃላንድ ኣብ ሓደ ዓመት ነዚ ክብሪ ክበጽሖ ዝኸኣለ ተጻዋታይ ክሳብ ሕጂ የለን። ሃላንድ ጋንታኡ ታሪኻዊ ዓወት ከይትሰንድ ተጻወትቲ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝከኣሎም ከም ዝገብሩ'ዩ ዝኣምን። ሃላንድ ግን ዋላ'ኳ እቲ ጸወታ ከቢድ ከም ዝኾውን እንተገለጸ፡ ጸዋእ ኤፍ ኤ ካፕ ግን ካብ ሲቲ ከም ዘይትወጽእ ኣረጋጊጹ ኣሎ።



እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ኤሪክ ተን ሃግ ኣብዚ ዓመት ስፖርት ኣብ ስታድዩም ዌምብሊ ሃትሪክ ንምስራሕ ኩሉ ምድላዋቱ ከም ዘጻፈፈ ተገሊጹ። ዩናይትድ ኣቐዲማ ንብራይተን ኣብዚ ሜዳ ብፍጹም ቅላዕ መቐጸዕቲ ከም ዝረተዓታ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ዝሓለፈ ለካቲት'ውን ኒውካስል ረቲዓ ጸዋእ ካራብኦ ካፕ ከም ዘልዓለት ይዝከር። እዝሆ ሕጂ ኸኣ ኣብ ታሪኽ ናይ ፈለማ ናይ ክልተ ማንቸስተር ናይ ኤፍ ኤ ካፕ ፍጻመ ብዓወት ንምዝዛም ናብ ዌምብሊ ትገዓዝ። እዛ ጋንታ ትማሊ ዓርቢ ናብ ከተማ ለንደን ኣብ ዝኣተወትሉ፡ ኣብቲ ንኽልቲኡ ዓወታት ክትገጥጸፍ ከላ ዝዕረፈትሉ ሆቴልን መለማመዲ ቦታን ክትጸንሕ ወሲና ኣላ - ከም መግለጺ ጸቡቕ ዕድል ኢላ ብምእማና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ናይ ፍጻመ ጸወታ፣ ተጻወትቲ ዩናይትድ ቀይሕ ማልያ፡ ጸሊም ስረን ጸሊም ካልሲን ወድዮም ከም ዝጻወቱ ክፍለጥ ከሎ፡ ሲቲ ከኣ ሰማያውን ጻዕዳን ሕብሪ ገይራ'ያ ንሜዳ ክትኣቱ። ደገፍቲ ዩናይትድ ብምብራቓዊ ሸነኽ ስታድዮም ዌምብሊ'ዩ ቦታ ተዋሂብዎም ዘሎ። ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰንን ወሩይ ተጻዋታይ ሲቲ ነበር ማይክ ሳመርቢን ቅድሚ ግጥም ነታ መጀመርታ ኩዕሶ ሒዞም ናብ ሜዳ ከም ዝኣትዉ ኣፍሊጡ ኣሎ።

## ሓጸርቲ ዜናታት

- ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ፡ ንግጥም ፍጻም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ንምድናይ ንሳይሞን ማርቺኒያክ ዝጾ ሓለፍቲ ዳኛመ ግምት ከም ዝሑብረሉ ኣፍሊጡ። እዚ ወዲ 42 ዓመት ፖላንዳዊ ማእከላይ ዳኛ፡ ኣብ መንጎ ሃገራውያን ጋንታታት ኣርጀንቲናን ፈረንሳን ንዝተኻየደ ግጥም ፍጻም ዋንጫ ዓለም 2022 ከም ዝዳኘ ይፍለጥ።
- ወዲ 68 ዓመት ኣሰልጣኒ ሳም ኣላርዳይስ፡ ካብ ሊድስ ዩናይትድ ከም ዝወጸ ኣፍሊጡ። እዚ ኣሰልጣኒ፡ ነዛ ጋንታ ንኣርባዕተ ጸወታታት ድሕሪ ምስልጣኑ'ዩ ዝሓድጋ ዘሎ። ካብዘን ኣርባዕተ ጸወታታት ሰለስተ ግዜ ክሰዓር ከሎ፡ ሓንሳብ ድማ ማዕረ ከም ዝተፈላለየ ይፍለጥ። መበል 19 ደረጃ ሒዛ ናይ ፕሪመር ሊግ ውድድራ ዝወደኣት ሊድስ፡ ናብ ጋንታታት ሻምፕዮንሺፕ እያ ተመሊሳ ዘላ።
- ናይ ኤም ኤል ኤስ ክለብ ዝኾነት ኢንተርሚያሚ፡ ንእንግሊዛዊ ኣሰልጣኒኣ ፊል ነቪል ካብ መዝነቱ ኣብሪራቶ። እዛ ጋንታ፡ ካብ 15 ጸወታታት ብዘዋህለለቶ ነጥቢ ኣብ መወዳእታ'ያ ተሰሪዓ ዘላ። ወዲ 46 ዓመት ነቪል ኣብ 2021 እዩ ናብዛ ጋንታ መጺኡ። ኢንተርሚያሚ ኣብ ማንቸስተር ዩናይትድ ወዲ ጋንታ ነቪል ብዝነበረ ዴቪድ ቤካም እያ ትውነን።
- ሎሚ ዓመት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ክትሳተፍ ዝበቕዐት ኒውካስል ዩናይትድ፡ ንናይጀሪያዊ ኣጥቃዓይ ናፖሊ ቪክተር ኦሲምህን ንምፍራም ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ውድድር ኣትያ።
- ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንወዲ 24 ዓመት ተጻዋታይ ቸልሲ ማይሰን ማውንት ንምፍራም ምስ ቸልሲ ዝርርብ ክትጀምር ምኻና ተፈሊጡ።
- ኣርቢ ሊፕዚግ፡ ንተኸላኻሊያ ጆስኮ ቫርዲያል ብ100 ሚልዮን ዩሮ ክትሸጦ ከም እትኽእል ይግለጽ ኣሎ። ሲቲ፡ ነዚ ወዲ 21 ዓመት ተጻዋታይ ዓይና ኣውዲቓትሉ ከም ዘላ'ዩ ዝሕበር።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ
ግጥም ፍጻመ ኤፍ ኤ ካፕ
ሰዓት 5:00 ድ/ቀ
ማንቸስተር ሲቲ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ሊባኖስ - ብቕትለት ኣባል ዓቃብ ሰላም ዝተጠርጠሩ ተቐይዶም

ወተሃደራዊ ቤት-ፍርዲ ሊባኖስ፡ ብቕትለት ሓንቲ ኣባል ዓቃብ ሰላም ኣየርላንድ ሕቡራት ሃገራት ኣመልኪቱ ሓሙሽተ ሰባት ብወግዒ ከምዝኸሰሰ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ኣቃሊሐን።

ሓደ ስሙ ክጥቀስ ዘይደለየ ላዕለዋይ በዓል-ስልጣን'ታ ሃገር ኣብ ዝሓለፈ ሓሙስ ዝተኸሰሱ ሓሙሽተ ጥርጡራት ምስ ዕጡቕ ጉጅለ ሕዝቦላህ ምትእስሳር ከምዘለዎም ንማዕከን ዜና ኣሶሽየትድ ፕረስ ሓቢሩ።

እቲ ክሲ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ እትርከብ ዕርዲ ሕዝቦላህ ዝኾነት ከተማ ኣል-ኣክበያ ኣብ ልዕሊ ቃፍላይ ዓቃብ ሰላም ሕቡራት ሃገራት መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ንፍርቂ ዓመት ዝቐጸለ መርመራ ድሕሪ ምክያዱ እዩ ዝመስረት ዘሎ።

ብዘውሳኺ፡ እቲ ክሲ ካብ ምስክርነት ተጋዙቡቲ ብዝተረኸበ መርትዖታት፡ ከምኡ'ውን ካብ ምክትታል ካሜራታት ዝተቐድሐ ድምጺን ቪድዮን ዘጠቓለለ ምዃኑ እቲ ሊባኖሳዊ በዓል-ስልጣን ገሊጹ።

እንተኾነ ሕዝቦላህ ኣብቲ ቅትለት ዝኾነ ተራ ከምዘይብሉ ብምግላጽ ነቲ ክሲ ነጺግዎ ኣሎ።

ግዝያዊ ሓይሊ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሊባኖስ (ዩኒፊል)፡ ኣብ 1978 እስራኤል ንሊባኖስ ድሕሪ ምውራራ፡ ሓይልታት እታ ሃገር ካብ ደቡባዊ ሊባኖስ ንምውጻእን ንምክትታልን ዝቖመ እዩ።





## ሴኔጋል - ኣብ መንጎ ፖሊስን ደገፍቲ ተቓዋሚ ሰልፊን ግጭት ተወሊዑ

ኣብ ሴኔጋል፡ ኣብ መንጎ ፖሊስ'ታ ሃገርን ደገፍቲ ተቓዋሚ ሰልፊን ብዝተፈጥረ ግጭት ብውሕዱ ትሽዓተ ሰባት ከምዝተቐትሉ ሚኒስትሪ ወሽጣዊ ጉዳያት እታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቲ ግጭት ዝተፈጥረ፡ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ'ታ ሃገር ዑስማን ሶንኮ ብቤት-ፍርዲ እታ ሃገር ንኽልተ ዓመት ክእሰር ድሕሪ ምፍራዱ እዩ።

በዚ ድማ እቲ ቀንዲ መወዳደርቲ ፕረዚደንት ሴኔጋል ማኪ ሳል ዝኾነ ዑስማን ሶንኮ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ኣብ ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ'ታ ሃገር ከይተወዳደረ ክተርፍ ከምዝኽእል ይእመት።

ወዲ 48 ዓመት ሶንኮ፡ እቲ ክሲ ፖለቲካዊ ሸርሒ ከምዘለዎ ብምሕባር፡ ነቲ ኣብ 2021 ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ጾታዊ ዓመጽን ናይ ሞት ምፍርራሕን ፈጺሙ ተባሂሉ ኣብ ዝተኸሰሰሉ መስርሕ ፍርዲ ከምዘይተሳተፈ እዩ ዝገለጸ።

ቤት-ፍርዲ ሴኔጋል፡ ሶንኮ ካብ ዓመጽ ናጻ ምዃኑ እኳ እንተገለጸ፡ ብመሰረት ሕጊ'ታ ሃገር ፡ ምስ ትሕቲ 21 ዓመት ዝዕድመኣ ጓለንስተይቲ ዘይስነምግባራዊ ዝምድና ነይሩዎ ተባሂሉ ገበነኛ ኮይኑ ከምእተረኽበ ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ፍትሒ'ታ ሃገር፡ እቲ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ ኣብ ቀረባ እዋን ፍርዱ ንኸፍጽም ናብ ቤት-ማእሰርቲ ክወሰድ ከምዝኽእል ገሊጹ።

ሶንኮ ዝመርሖ ሰልፊ 'ፓስተፍ' ፡ እቲ ፍርዲ ኣካል ፖለቲካዊ ውዲት ምዃኑ ብምግላጽ፡ እቲ ሰልፊ መግለጺ ኣብ ዘውጽኣሉ እዋን፡ ደገፍቲ እቲ መራሒ ኩሉ ንጥፈታት ደው ብምባል ዳግማይ ናብ ጎደናታት ወጺኦም ተቓውሞኦም ከስምዑ ጸዊዑ ኣሎ።

ኣብ 2021 እውን ሶንኮ ብዓመጽ ጓለንስተይቲ ድሕሪ ምእሳሩ፡ ኣብ ሴኔጋል ንሓያሎ መዓልታት ዝጸንሐ ግጭት ሰዒቡ ምንባሩ፡ ብውሕዱ 12 ሰባት ድማ ከምዝሞቱን ይጥቀስ።



## መጠን ወሊድ ጃፓን ነኪዩ

መጠን ወሊድ ጃፓን ኣብ 2022 ንሻብዓይ ተኸታታሊ ዓመት ክብረ-ወሰን ብዘለዎ ደረጃ ከምዝወረደ ሚኒስትሪ ጥዕና እታ ሃገር ገሊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ጃፓን ፉሚዮ ኪሺዳ፡ ሃገሩ ዋላ'ኳ ልዑል መጠን ፋይናንሳዊ ዕዳ ይሃልዋ፡ ነቲ እናነከየ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ወሊድን ዘስዕቦ ዘሎ ጸገማትን ንምፍዋስ ቀዳምነት ከምዝሃበ፡ ኣብ ዓመት ኣስታት 3.5 ትሪልዮን የን ኣብ ክንክን ህጻናትን ካልእ ንወለዲ ንምድጋፍ ዝሕግዙ ሰጉምትታትን ከውጽእ መደብ ከምዘለዎን ገሊጹ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ወሲኹ፡ “ቁጽሪ መንእሰያት ኣብ 2030ታት ኣዝዩ ክጎድል ክጅምር እዩ። ክሳብ ሽዑ ዘሎ ግዜ ነቲ እናነከየ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ወሊድ ናብ ንቡር ምምላስ ናይ መወዳእታ ፈተነ ክኸውን እዩ” ኢሉ።

ካብ ሓደ ሰሙን ኣብ ሓደ መዓልቲ ዘይሓልፍ ... ዝተወልዱ ህጻናት ኣብ ዝበጽሑሉ እዋን ሓቢሩ።

ካብ ሽዑ ኣብዚ ሰሙን ኣብ ሓደ መዓልቱ ህጻናት ኣብ ዝበጽሑሉ እዋን ሓቢሩ።

ለበዳ ኮቪድ-19 ንዲሞግራፊያዊ ብድሆታት ጃፓን ከምዘጋደዶ ዝገልጹ ጸብጻባት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ትሑት መጠን ሓዳር ከምእተመስረተን እዚ ድማ ንውሑድ ቁጽሪ መጠን ወሊድ ብኣሉታ ከምዘጸለዎን የረድኡ።

ብመሰረት ስታቲስቲካዊ ጸብጻብ ጃፓን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት መጠን ወሊድ ብ5 ሚእታዊት እዩ ኸዩ። ብኣንጻሩ ኣብታ ሃገር፡ መጠን ሞት ብ9 ሚእታዊት ብምውሳኽ 1.57 ሚልዮን ከምዝበጽሐ ጸብጻባት የመልክቱ።

ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ኣብ ዝርከብሉ ዞባ ርሑቕ ምብራቕ ኢስያ፡ መጠን ወሊድ እናነከየ ብምምጽኡ፡ ነተን ሃገራት ኣሻቓሊ ጉዳይ ኮይኑ ምህላዉ ይፍለጥ።



## ፖሊስ መክሲኮ ኣስከሬን ዝሓዘ ሳንጣታት ረኺቡ

ፖሊስ መክሲኮ፡ ኣብ ምዕራባዊ ሸነኽ እታ ሃገር ኣብ እትርከብ ክፍለ-ሃገር ጃሊስኮ ብውሕዱ 45 ኣስከሬን ዝሓዘ ሳንጣታት ከምዝረኸበ ሓቢሩ።

ፖሊስ እታ ሃገር ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ደሆም ዝጠፍኡ 7 መንእሰያት ኣብ ምድላይ ተዋፊሩ እንከሎ እዩ እዚ ዘሰካሕክሕ ርኽበት ኣብ ጓዳላሃራ ኣብ ዝተባህለ ከባቢ ኣብ ዝርከብ ጓቢ ኢንዱስትርያዊ ማእከል ክረኽቦ ዝኸኣለ።

እቶም ኣባላት ፖሊስ ነቲ ኣስከሬን ክረኽብዎ ዝኸኣሉ፡ ካብ 20 ግንቦት ኣትሒዞም ኣብቲ ከባቢ ደሆም ዝጠፍኣ ክልተ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከባኦም ሓሙሽተ ደቂ-ተባዕትዮ ንምድላይ ተዋፊሮም እንከለዉ እዩ።

ቤት-ጽሕፈት ዓቃብ ሕጊ ጃሊስኮ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ንሸውዓተ ሰባት ክደልዩ ክንሶ'ዚ ዝኣክል ኣስከሬን ክረኽቡ ትጽቢት ከምዘይነበሮም ብምሕባር፡ ኣብቲ ኣስከሬን ዝተረኸበሉ ቦታ ጽዑቕን ተወሳኽን ተፍትሽ ንምግባር ውጥን ሒዙ ከምዘሎ ገሊጹ።

ንምጥፋእ ናይቶም 7 ሰባት ዝገልጽ ሓበሬታታት ኣብ በይኑ እዋን እኳ እንተቐረበ፡ መርመርቲ ድሒሮም ከምዝረጋገጽዎ ግን እቶም ሰባት ኣብ ሓደ ማእከል ርክብ ተሌፎን ከምዝሰርሑ፡ እቲ ማእከል ድማ ኣብቲ ኣስከሬን ዝተረኽበሉ ከባቢ ተደኲኑ ከምዝርከበን እዮም ዝሕብሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ክኢላታት ፎረንሲክ፡ ኣብቲ ሳንጣታት ዝተረኽበ ግዳያት ክሳብ ሕጂ መንነቶም ኣይተፈልጠን ኣሎ።

ኣፈናዊ መርመራታት ከምዝመልክትዎ፡ ኣብቲ ማእከል፡ ዕጹፋርስን ካልእ ነቲ ገበን ክእንፍቱ ዝኽእሉ ነገራትን ከምእተረኽቡ ብምሕባር፡ እቲ ማእከል ኣብ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ተጸሚዱ ዝጸንሐ ክኸውን ከምዝኽእል ይእምቱ።

ኣብ መላእ መክሲኮ ልዕሊ 110 ሽሕ ሰባት ደሆም ከምዝጠፍኡ ዝገልጹ ጸብጻባት ፖሊስ'ታ ሃገር፡ ኣብ ክፍለ-ሃገር ጃሊስኮ ድማ ኣስታት 15 ሽሕ ሰባት ካብ ደሆም ከምዝይተዛረ የረድኡ።





## ፓኪስታን - ላዕለዋይ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ ተኣሲሩ



ፖሊስ ፓኪስታን፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ፡ፕረዚደንት ሰልፊ ተህሪቕ-ኢ-ኢንሳፍ ዝኾነ ፕርቨዝ ኤላሂ፡ ኣብ ምብራቓዊት ከተማ ላሆር ኣብ ዞባዶ ስርሒት ኣብ ቀጽጽር ከምዝኣተዋ ሓቢሩ።እቲ ብፖሊስ ፓኪስታን ዝተቐየደ ፖለቲከኛ፡ ቀንዲ ተሓጋጋዚ ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ነበር ኢምራን ካሃን ከምዝነበረ እዩ ዝሕበር ዘሎ። ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ነበር ኢምራን ካሃንን ተቓወምቲ ሰልፍታት'ታ ሃገርን ነቲ ማእሰርቲ ኮኒኖሞ ኣለዉ።

ፖሊስ ፓኪስታን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ብወኸ፡ እቲ ፖለቲከኛ፡ ብገበናት ብልሽውና ተጠርጢሩ ከምእተኣሰረ'ዩ ዝሕበር። ኣቐዲሙ'ውን ኣብ እዋን ማእሰርቲ ኢምራን ካሃን ኣብ ናዕቢ ከምእተሳተፈ ብምሕባር፡ ቡቲ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት ነቲ ፍሉጥ ፖለቲከኛ ኣብ ቀይዲ ከምዘእትዎ ከምዘወሰነ ኣረዲኡ።

ተቓዋሚ ሰልፊ ፓኪስታን ተህሪቕ ኢንሳፍ ኣብ 1996 ብኣቦ መንበር እቲ ሰልፊ ዝኾነ ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር ኢምራን ካሃን ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ፕርቨዝ ኤላሂ ድማ ከም ፕረዚደንት እቲ ፖለቲካዊ ሰልፊ ኮይኑ ከገልግል ምጽንሑ ይሕበር።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኤደን | 3/06/2023 | ጎደና ከባቢ ዩኒቨርሲቲ ጥቓ ባር ሊድያ | 110750 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services